ፍሉይ ሕታም

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.251 ሰሉስ 20 ሰነ 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ብዓል ዕለማ መስዋእቲ ይኽፍል

ገጽ 3
እቶም ማናቱ

ገጽ 5
ኣጥናፉ - ዝተቘጽየ ፑሽኪን

ገጽ 7
ጥበብናን ስማእታትናን

ገጽ 11
ስግኣት ዘይሰዓሮ - ስምዒት ስፖርት


# ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካር ጸሎተ ፍትሓትን ዱዓን ተኻዪዱ





ስለ ህዝብን ሃገርን ህይወቶም በጃ ንዝወፈዩ ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካር፡ ትማሊ 19 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ቤተ-ክርስትያን ደብረ ሳህለ ቅዱስ ሚካኤል - ጸሎተ ፍትሓት፣ ኣብ መስጊድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ድማ ደርስን ዱዓን ተኻዪዱ።

ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ደብረ ሳህለ ቅዱስ ሚካኤል ጸጸራት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ጴጥሮስ - ዓቃብ መንበር ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ዝርከብዎም ኣቦታት ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ጳጳሳትን ሊቃነ ጳጳሳትን፡ ሊቃውንቲ፡ ውሉደ ክህነት፡ ከምኡ'ውን ካብ ኩሉን ኣድባራት ዝተመደቡ ሰባኪያን፡ ጸሎት ኣዕሪጎም።

ኣቦ'ቲ መራሕቲ ሃይማኖት ወንጌላዊት - ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን'ውን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ብጹእ ሊቀ ጳጳስ ኣቡነ ጴጥሮስ ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፡ ንትርጉምን ርዝነትን ማስዋእቲ ዝምልከት መብርሂ ሂቦም።

ሓላፊ ስብከት ወንጌል ኣብ መንበረ ፓትርያርክ መርጌታ ስምኦን በዮነ ኣብ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ ድማ፡ ንዓና ንኤርትራውያን - ዝኽሪ ሰማእታት ምርጫ ዘይብሉ ታሪኻዊ ሓላፍነት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰማእታትና ብዋጋ ዘይትትመን ክቡርቲ ህይወቶም ዝኸፈልላ ሃገር፡ ብሓድነትን ፍቕርን ክንዕቅባን ዘማዕብላን ሕድሮም ከምዝኾነ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ምህለላን ቡራኬን ዓሪጉን ተዋሂቡን።

ብተመሳሳሊ፡ ካብ ሰዓት 4:30 ድ.ቐ. ኣብ መስጊድ ኣልኹላፋእ ኣልራሽዲን ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ብሙፍቲ ኤርትራ ሼኽ ሳልም ኢብራሂም ኣልሙኽታር ዝተመርሐ ስላትን ዱዓን ተኻዪዱ።

ሼኽ ሳልም ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ምዕራፋት ሃገራዊ ታሪኽና ምስ እንግምግም፡ ታሪኽ ቀጻሊ መኸተ ኣንጻር ወረርትን ገዛእትን ምዃኑ፣ ናጽነት ኤርትራን ክብረት ዜጋታታን ድማ ወጽኢት ናይ'ዚ መኸተ'ዚ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽን ልኡላውነት ንምውሓስን ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝተረእየ ቅድድም ንማስዋእቲ፡ ወለዶታት ዝሕበኑሉ ክብሪ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ሙፍቲ ኤርትራ ኣስዒቦም፡ "እቲ ዝሃበየን መወዳድርቲ ዘይብሉን ህያብን ልግስን ናይ ህይወትን ደምን" ድሕሪ ምባል፡ ሰማእታትና ህይወቶም በጃዮም ኣብ ዘረጋገጹልና ሃገር፡ ንሕና እዞም ብህይወት ዘለና፡ ንስድራ ስውኣት ብዓይነትን ገዛእቶን ክንሕግዞ፡ ግዴታ ከምዝኾነና ኣገንዚቦም።

# 'ካባ ሓበን' ንስድራ ስዉኣት

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ብ17 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ን8 ስድራ ስውኣት 'ካባ ሓበን' ብምልባስ ገንዘባዊ ደገፍ ገይሩ።

እተን ስድራ-ቤታት፡ 2 ነፍሲ-ወከፈን ሓሙሽተ ስውኣት፡ እተን 6 ድማ ኣኣርባዕተ ስውኣት - ስለ ናጽነትን ልኡላውነትን ሃገር ዝኸፈላ እየን።

እቲ ብደረጃ ዞባ ዝተግበረ መደብ፡ ሎሚ ዓመት ን3ይ ግዜኡ እዩ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝተሰነየ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ሓላፊ ወድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሰፍ ሳይቓን ካልኦት ዕዱማትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣባላት ክፍሊ ግምገማን ኣባላት ህግደፍ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከልን እውን፡ ብ16 ሰነ ን47 ስድራ ስውኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ህግደፍ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣኽርያ፡ ሰምበል፡ ፓራዲዞ፡ ማይ-ተመናይ፡ ጸጸራት፡ ጉዳይፍ፡ ዕዳጋ-ሓሙስን ጎዳጉዳን ንዝኮበራ 37 ስድራ ስውኣት ነፍሲ-ወከፈን ሓደ ሽሕ ናቕፋ ኣመቓሪሖም።

ኣባላት ክፍሊ ግምገማ ድማ፡ ነብርቲ ኣርባዕተ ኣስመራ ንዝኾና 10 ስድራ ስውኣት ነፍሲ-ወከፈን 1,300 ናቕፋ ኣበርኪቶም።

ኣብ ከተማ ከረን ብተመሳሳሊ፡ ነብርቲ ከባቢ 6 ኣሰታት 40 ሽሕ ናቕፋ፣ ክልተ ንኡሳን ጨናፍር ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣባላት ህግደፍ ድማ፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ዘዋጽእዎ 33,600 ናቕፋ ንስድራ ስውኣትን ደቂ-ስውኣትን ተመቓሪሖም።



ሃገር ኣብ ረዚን ዝኽሪ!

# ብዓል ዕላማ መስዋእቲ ይኸፍል

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ማስዋእቲ ብዓል ዕላማ'ዩ ዝኸፍሎ። ማስዋእቲ ናይ ሰብ ዕላማ'ዩ። ማስዋእቲ ዘይትኸፍል እንተ ኾንካ፡ ማስዋእቲ ዝሓትት ዕላማ የብልካን ማለት'ዩ። ስለ ዝኸፈለ ህይወት ወትሩ ማስዋእቲ ትሓትት ብምኳና፡ ዕላማ ዘይብሉ ሰብን ንዕላማኡ ክስዋእ ዘይወነፉን ሓደ እያም። ብዘይ ዕላማ ሞት'ምበር ማስዋእቲ የለን። ማስዋእቲ ኣብ ሓመድ ምቕባር ኣይኮነን፡ ንሽካ ትሓልፍ እቲ ዝተሰዋእካሉ ዕላማ ይነብር እዩ ትርጉሙ። ምንባር ብፍቕዲ ዓመታት'ዩ ዝልካዕ፡ ዕድመ ሓፋሽ ግን ኣብ ዘፍጥረት ክሰዕ ሎሚን ዓለም ክሳዕ ዝሃለወትን ይቕጽል። ከም ሕብረተሰብ ኣብ ዝቕጽል ዓለም ዝቕጽል ህይወት ንኽህልወካ፡ ማስዋእቲ ኣብ እትሕተተሉ ማስዋእቲ ክትከፍል ድሉው ዝኾንካ ወለዶታት ክትሃንጽ ግድን'ዩ። እንተ በኹርካ ህላወኻ ኣብቂዑ፡ ብኻልኦት ተተኪኡ ማለት'ዩ። ስለዚ'ዩም ብዙትና፡ "ንሕናን ዕላማናን" ዝበለ። እቲ ዕላማ'ቲ ዕላማ ሃገር'ዩ፣ ክሰዕ ሕጂ ደማ መሪሕ መትከል'ዩ።

ህዙባት ንዘተፈላለየ ዕላማ ብዘተፈላለየ ኣገባብ ማስዋእቲ ይኸፍሉ። ማስዋእቲ ናብ ፈጣሪኦም፣ ማስዋእቲ ናብ ኣማልኽቲዮም። ማስዋእቲ ብዓይነትን ብህይወትን። ኣብ ጥንታዊ ዘመናት፡ ሰብት ቀጥዮ ኣማልኽቲዮም ንኽህድኡ ወይ ምሕረት ንኽልምኑ ወዘተ. ክሰዕ ህይወት ሰብ ከም ማስዋእቲ ይኸፍሉ ነይሮም። ዛንታ ማስዋእቲ ነዊሕን ሓያልን ሰረት ኣለዎ። ኣብ ዘመናዊ ዓለም፡ ሃገራት ወይ ህዙባት ረብሓታቶም ንምውሓስ፡ ንምርግጋጽ፡ ንምስራጽ ጸወ ሰጦር ደብዮም ብምኻድ ሰብ ይኸፍሉ። እቲ ዝኸፈሉዎ ሰብ 'ሰወእ' ብምባል ደማ ክብሪ ክህቡ ይርእዩ። ኣመራጋውያን ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ረብሓታቶም ንምርግጋጽ፡ ኣብ ኩሉ፡ ብርሑቕን ቀረባን ይኸቱ። ህይወት ምኽፋል የድልየና ኣብ ዝበልዎ ድማ ኣብቲ ብዶብ ፍጹም ዘይራኸቦም ርሑቕ ራሕቂ ከይዶም ይሞቱ፡ ብቑንቋኦም፡ ይሰውኡ። ኣብኡ ረብሓ ኣለዎም፣ ዕላማውን ኣለዎም። እቲ ኣብ መሬቱ ረብሓኡን ዕላማኡን ዝለኽል እዩ ግን ብዓል መትከል።

ዛንታ ኤርትራን ማስዋእትን፡ ካብቲ ጣልያን ንኤርትራ ከም ሃገር ዝመስረተሉ እዋን እንተ ጀሚርና፡ ጀሚርካ ዘይውዳእ ማስዋእቲ ዘጋጥታት እዩ ተራእዩ፡ "እምቢ ንመግዛእቲ" ድማ እቲ ቐንዲ ንህዝቢ ኤርትራ ዋጋ ዘኽፈሎ እዩ። ኣብ ኩሉ ታሪኹ፡ ሃገራዊ መሰሉ ንኽሓትት፡ ንኽፀምጽኡ ንኽከላኸል'ዩ ከቢድ ማስዋእቲ ከፊሉ። እቲ ዝተኸፍለ ማስዋእቲ፡ ካብቶም መግዛእትን ዕብለላን ጣልያን ተቓዊሞም ኣደዳ ሕሰም ማእሰርቲ፡ መግረፍቲ፡ ማስዋእቲ ዝኾኑ ሃገራውያን ሸጠኛታትን ዓሳክርን ክሰዕ'ቲ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ - 40ታትን 50ታትን - ብዘተፈላለየ ኣገባብ ህይወቶም ንፍትሓዊ ጉዳይ ሃገሮም ዝኸፈሉ ጀጋኑ ቀጺሉ። ብማስዋእቲ ዝለዓለን ዝሓየለን ዋጋ ዝሓተተ ግን እቲ ኣብ መስከረም 1961 ዝፈለመ ብረታዊ ቃልሲ እዩ። ከምቲ ሓደ ብዙል ዝበሎ፡ "ብረት ንምድናን ብረት ምልዓል" ምስ ኮነ እቲ ዕጫ፡ ብረት ከኣ ሰብ ክቕትል ስለ ዝተፈጥረ፡ ኣብ ቅድሚ'ቲ ብረት ሰብ ዕላማ ደው ኢሉም። ሓጺንዶ ሰብ? ድማ ኮነ፡ ከምቲ ደሓር ኣብ ምፍራስ ናደው እዙ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ሓድጉ (ወዲ ፖለስ) ዝበሎ፡ "ኣብዚ ውግእ'ዚ ሰብ ምስ ሓጺን ክራጸም'ዩ፣ ብርግጽ ድማ ሰብ ካብ ሓጺን ከም ዝተርር ክፍለጥ'ዩ" ህዝቢ ኤርትራ ካብታ ኣንጻር መግዛእቲ ብረት ዘልዓለላ ዘረጋገጾ ሓቂ እዩ። ኩሉ ግዜ ድማ፡ ምስ እልቢ ሓጺን ገጢሙ ካብ ሓጺን ከም ዝተርር ኣማስኪሩ፣ ብኸበርቲ ማስዋእቲ።

ካብ መድረኽ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ጀሚርካ ብመንጽር ንህዝቢ ኤርትራ ዝበጠሞ ብዙሒ ጸላእን ዘራያትን ማስዋእቲ ብመንጽር ዋሕዲ ቀጻሩ እንክርኡ ኣመና እናበዝሐ'ዩ ከይዱ። ክሰዕ'ቲ ኣኽሊል ናጽነት ዝደፍኣሉ ግንቦት 1991 ድማ ልዕሊ 65 ሽሕ ስውኣት ከፊሉ። ዝዓበየ ዋጋ ማስዋእቲ ኣብቲ ምስ ጸላኢ ዝተኻየደ ውግኣት ዝተኸፍለ'ዩ። ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ሓደ ካብቶም ዝመረሩ መድረኻት ግን ውግእ ሓድሕድ እዩ ነይሩ። እዚ'ውን ክቡር ህይወት ዘጋጥታት ሓቲቱ። ዋጋ ከፊልካ ናብቲ ዝድለ ዕላማ ዘበጽሕ ብምንባሩ ግን ግድን ክስገርን ክኽፈልን ዝነበሮ'ዩ።

'ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ምስክር ወረቐት ሓርበኛታት ስውኣት ኣሎ' ንብል ኢና። እቲ 65 ሽሕ ኣብ ቁጽሪ ህዝቢ ኤርትራ ኣእቲኻ ምስ ዘርአ ክሰዕ ክንደይ ብዙሕ ምዃኑ ዝምስክር ድማ'ዩ። እቲ ብዝሒ ንምርድኡ፡ ካብ ሰለስተ ሚልዮን 65 ሽሕ ከፊልና ማለት፡ ካብ ሚእቲ ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገር ልዕሊ ክልተ ሚልዮን ምኽፋል ማለት'ዩ። በዚ ቐለል ቅመራ'ዚ ርኢኻ፡ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸፈሎ ዋጋ ልዕልን ትርፍን ብዙሕ እዩ። ኣብኡ ደው እንተ ዝበል'ውን ሓደ ምዕራፍ ምኾነ፡ ድሕሪ ናጽነት ዝተኸፍለ ማስዋእቲ፡ ኣብ ቅድመ-ግንባር ምክልኻል ሃገርን ልኡላውነትን ተደሚሩ'ዎን ኣብዚ ዳሕረዋይ ዕንደራ ዝተኸፍለን ጸብጺብካ ንሕብሪን ዓይነትን ማስዋእቲ ኣመና ኣድማቒዎን ኣኽቢዱዎን'ዩ። ኣብ ገድሊ ዝተሰውአ ኣቦ፡ ደቁ ኣብ ምክልኻል ሃገር፣ ደቂ-ደቁ ኣብ መኸተ ዕንደራ ክኸፍል ንብር ተርእዮ ናይ ዛንታ ህዝብና'ዩ። ኣሚናን ኩሎም ደቃን እትኸፍል ኣደ፣ ኩሎም ደቁ ዝኸፍል ኣቦ፣ ካብ ሓሙሽተ ኣርባዕተ፣ ሓደ ከም ሓሙሰ፡ ኣብ ሓደ ግንባር ዝስውኡ ኣሕዋት፡ ኣጦ ደቁን ኣደን ደቃን. . . እቲ ፍሉይነታት መቑጸሪ የብሉን። ኩሉ ተደሚሩ ግን ንህላወ ሃገር ዝተኸፍለን ዝኽፈልን'ዩ።

እቲ ዕላማ ዓቢ ስለ ዝኾነ እቲ ምኽፋል ዋጋ ከቢድን ተደራራብን ይኸውን። ህዝቢ ኤርትራ ክንድኡ ማስዋእቲ ክኸፍል ድሉው እንተ ዘይከውን ፈጺሙ ከም ሃገር ኣይምሃለወን። ኩሉ ኣብትር ኣጽሒፉ ኣብ መሬቱን ንመሬቱን ክብጅ ጸኒዑ ምርጫ ስለ ዝወሰደ ግን። እቶም እልቢ ሓጻውን ኩሚርም፡ እልቢ ሰብ ኣከቦም፡ እልቢ ዘራያት ኣኽቲቶም ከጥፍኡዎ ዝበሉ ኣብይ ኣለዉ? ንሱኸ ኣብይ ኣሎ? ንብሮን ወሸጥና ዝኣተወን ብምኳኑ ትንተናን መግለጺታትን ዘድልዮ ኣይኮነን። ትማሊ ኣብ ልዕሊና ኣንጠጥዩ ዝጸበረ ደበና ጥፍኣት፡ ክቡር ዋጋ ማስዋእቲ እንተ ዘይንኸፍል፡ ምተኣልየ ዶ? "ጠፋእካ! ጠፋእካ!" ክበሃል እንክሎ እንተ ዘይጸንዕ ነታ ብማስዋእቲ ዝተረኸበ ሃገር ብማስዋእቲ ህላወኣ ከረጋግጽ እንተ ዘይከኣል፡ እቲ ዝኸውን እንታይ ምኾነ?

ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ ክተዕልል ዝሰማዕኩዋ መንእሰይ፡ ወያነ ክሰዕ ክንደይ ንጥፍኣትና ክሰዕ ዓንቀሩ ኣጸዋር ኣከቡ ምንባሩ ንምግላጽ፡ "ኣብ ልዕሊ ትግራይ ማዕቤት እንተ ትሁበርስ፡ ብምልእታ እታ ትግራይ ምተሳዕለት" ብምባል ገሊጸቶ። ክንድኡ ሓጻውን ንምንታይን ስለምንታይን ተኾሚሩ ኣይጠፍኣናን'ዩ። ግን ኣብይ ኣሎ'ቲ ኹሉ ሓጻውን? ኣብይ ኣሎ'ቲ ኹሉ ፈኸራን ዳንኬራን? ኣብይ ኣለዉ እቶም "እፍሊ ሓንጨምንጨ"ን ወይጦትን? ክንድኡ ዝኣክል እምባ ጥፍኣት ዝኾመረ ጉረቤት ተጸጊዕካ ሰላም ክርከብ ክብረት ክሕሎ፡ ህይወት ክቕጽል ስለ ዘይከኣል፡ ብኽቡር ማስዋእቲ ሓላላት ህላወ ሃገር ክውሓስ ግድን'ዩ። ማስዋእቲ ዘይጋደፈና ዝጸበረ እንኽፍሎ ዋሕስ ህላወ ሃገርን ህዙብን ስለ ዝኾኑ ንያትን ሓጠንን ዝፈጥር ድማ'ዩ።

ንዕላማን ህላወን ሃገር እምበር፡ እንዳማትና ጠሚትና ዝሓረናዮ መንገዲ የለን። ሃገራት፡ ኣብ ወሽጢ ሓጹር ዶብተን ተሓጺረን ህላወአን ከውሕሳ ኣይክእላን። ኣብ ሰግረን ኩሉ ግዜ ሰግኣት፡ መምስ ሓየለ ክወርር፡ ክጥርር ዝደሊ ሓይሊ እንተ'ሎ፡ ከዕግሱ ይግደዳ። ቁልቁል ተገዚዞዝካ መኣስ ድቃስ ኣሎ ከም ዝበሃል፡ ወትሩ ድሉው፡ ዕጡቕ፡ ንቑሕ፡ ወፋይ ኳንካ ምጽናሕ'ዩ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ኩሎም ሓደጋታት ኣድሒኑዎ። እዚ ድማ በቲ ዝሃጸ ሓያል ቃልስን ተቓለስትን ዝተረጋገጸ ስለ ዝኾነ ወትሩ እቲ ወፋዪ፡ እቲ ሃገራዊ፡ እት ህዙባዊ፡ እቲ ሰብኣዊ ሰብ እዩ ነቲ ዕላማ ዘቕጽሎ። ሰብ ህይወት እናኸፈለት ዝሃድም ኣሎ። እቲ ህይወት ዝኸፍል'ዩ ግን ነቲ ዝዓበየ ዕላማ ዝጮብጦን ዘጨብጦን። ሰብ ህይወት እናኸፈለ ውልቃዊ ረብሓኡ ጥራይ ዝጻጦ ሰብ'ውን ኣሎ። እቲ ህይወት ዝኸፍል'ዩ ግን ዋሕስ ሃገር። ሰብ ኣነ ክሓልፍ ንሽካ ጽናሕ እናበለ፡ ከላ ነበሱ 'ከብዲ' ዝኾነ ሰብ ከኣ'ሎ። እቲ ኣነ ክሓልፍ ዝብል'ዩ ግን ሃገርን ህዙብን ዘድሕን።

ኣብዚ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ሬዚን በዓል እምብኣር፡ ክንጽ ዝኽሪ ዝሰየደ ግብሪ ዝተራእየሉ መድረኽ ሓሊፍና ኢና ንዝክሮ ዘለና። ንሕድሪ ሰማእታት እሙናት ብምዃን ጥራይ ድማ ኢና "ቅሰኑ ሰማእታትና!" እንብል።


ምእንቲ ሃገር ዝኽፈል ዋጋ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጰ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጰ 1284



ሰላም ዋጋ መስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ

# ዝኽሪ 20 ሰነ፡ ኣብ ማይ-ድምነት



ዳህላክ ነጋሲ

ንሱብ፡ ዕላማኡ ካብ ምትግባር ዝዓግቶ ሓይሊ የለን፡፡ ብመንጽሩ፡ ኣብ'ቲ ዝረደየሉ ዕላማ ንኽበጽሕ ከለንትናዊ ማስዋእቲ ይኸፍል፡፡ ክሱብ'ታ እንደገና ክረኽብ ዘይኽእል ትንፋሱ! እዚ፡ ሓይሊን ትብዓትን ዝሓትት ውሳነ እዩ፡፡ እቲ ምንታይ፡ ወዲ-ሰብ፡ ንዥእ ጉልበቱ፡ ፍልጠቱ፡ ዕድሉ. . . ካብኡ ሓሊፉ ድማ ህይወቱ ንስለ ሰብ ከበጅሶ፡ ኣንጻር ባህርኡ ስለዝኾነ፡፡ ኣብ'ዛ ሰቦት ብኸሉ መዳይ ልዒሎም ንኽረኣዩ ብዘጉብኡዎ ቕድድም ተባሂታ ዘላ ዓለምና፡ ስለ ካልኦት ከለንትናኻ ምውፋይ፡ እንተ ሃለወ'ውን ሳሕቲ ጥራይ ብምዃኑ፡፡

ሰውራ ኤርትራ፡ ብፍቕሪ ሃገር ተደሪኾም ንሞት ብዘቀዳደሙ መሳምል ዝተሃንጸ ናይ መሪር ቃልሲ ባይታ እዩ ነይሩ፡፡ ስለ ናጽነትን ሓርነትን ኣለና ዝበሉዎ ኩሉ ክብር ንዋታዊን መንፈሳዊን ትሕዝቶ ዝዘለ ተቓለስቲ! "ኣነ ኽሓልፍ ንሾካ ጽናሕ' ዝብል ሓደ ካብ ወርቃዊ ክብርታት ገድሊ. እንተ ርኢና፡ ብቓላት እንኽብነገር ተራ ዘረባ ክመስል ይኽእል'ዩ፡፡ እንተ ኾነ ግን፡ ህይወት ብጾቱ ንኽትጸንሕ፡ ንታ ልዕሊ. ኩሉ ትሕዝቶኡ ዝኾነት ህይወቱ ክሰእና ቅሩብ ምዃና ዝገልጸሉ ረዚን ብሂል ተጋዳላይ እዩ፡፡

ወርቃዊ ክብርታት ቃልሲ ኤርትራውያን ብሓደ ለይቲ ተሃኒጹ ዝሓደረ ኣይኮነን፡፡ በቲ ሓደ፡ ዓመጽን ቁናን ፍርድን ሓያላት ዓለምና፡ በቲ ኻልእ ድማ፡ ኣንጻር ዓመጽ ዝሰላሰል ቃልሲ. ዝፈጠሮ ንቕሓትን ናይ ሓድነት ስምዒትን እምበር፡፡ ተወፋይነት፡ ትብዓት፡ ጅግንነት፡ ብጻይነት፡ ኒሕ፡ ናይ ምዕዋት መንፈስ. . . ዝበሉ ብርቂ ክብርታት ቃልሲ. ኤርትራ'የም እምበር፡ ንስብዊን ባህርያዊ ተጻብኦታት ኣላሽ ኩብሉ ዝኸኣሉ፡፡ ተጋደልቲ፡ ማለት ተቓለስቲ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ 30 ናይ ቃልሲ. ዓመታት፡ ከምኡ ድማ ምዕቃብ ሉኣላዊነት፡ ከለንትናዊ ማስዋእቲ ብምኽፋል እያም ሓራ ኤርትራ ደው ንኽትብል ገይሮም፡፡ ዕላማኦም ሓደን ዘይቕየርን እዩ፡፡ ኤርትራ ብናጽነት ንኽትዓብ፡ ህዝባ ድማ፡ ሃገሩ ወኒኑ ብሰላም ንኽነብር፡፡



መዓልቲ ሰማእታት 20 ሰነ፡ ኑቶም ንስለ ናጽነት፡ ሰላምን ምዕባለን ህዝበን ሃገርን ግንሸል ዝኾኑ ጀጋኑ ሰማእታት እንዝክረላ ዕለት'ያ፡፡ ኣብ'ዛ ዕለት፡ ብዘይዳ ምስ ሰማእታት ዘተኣሳስር ሓበን ኣሎ፡ ዝኽሪ ኣሎ፡ ሕድሪ፡ መብጽዒ፡ ዛንታ. . . ኣሎ፡፡ ብሓፈሻ፡ ብትካዘን ሓዘንን ዘይኮነ፡ ብሓበንን ኩርዓትን፡ ንህንጸትን ልምዓትን ሃገር ቃልና እነሐድሰላ ረዚን ዕለት ኢያ፡፡ ስለ'ዚ. እዩ ድማ፡ ሓንቲ ካብ ኣውራ ዕለታት ኹይና ትንብር ዘላ፡፡

ሰማእታት ኤርትራ፡ ክሱብ ህይወቶም ብምውፋይ፡ ካብ ባርነትን መግዛእትን ሓራ ኣውጺኦም፡ ልኡላዊት ኤርትራ ዘውሓሰ፡ ዘይሃስስ መዘክብ ናብ ወሉድ ወለዶ ዘሲጋገሩ ኣርኣያ እዮም፡፡ ዝቖጸለ ወለዶ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ተረር ባይታ

ዝተፈጸመ ጅግንነት፡ ንሓደሽቲ ወለዶታት፡ ቀንዲ መማእዘንን መወከስንን ታሪኽ ስለዝኾኑ፡ ኸፍሲ-ወከፉ ሓርበኛ፡ ውዕሎኡ ንኽሰንድ፡ ዝምልከቶ ኣካል ኣተኩሮ ክገብር ንጽውዕ፡፡ ናጽነት ኣብ ምምጻእ ሳላ ዝዓጠቕናዮ ንቕሓት፡ ታሪኻውያን ጸላእትና ሰርም ደምሲስናዮ ኢና፡፡ ውሑዳት ክንስና ሳላ ዝሓበርና ንብዙሓት ክንስዕር ዝኸኣልና ሰብ ታሪኽ ኢና፡፡ ብዘውሽኽ፡ ሓብራዊ ስራሕ ዝለዓለ ውጽኢት ስለዘለዎ፡ ሕጂውን ጥዕና ዘይብሉ በቲ ጥዕና ዘለዎ፡ ህይወቱ ዝተኸልፈ በቲ ዕድመ ዝሃቦ እናተሓጋገዝና፡ ብጥርንፍ መድሕን ህይወት ሳላ ዝኣተና ን351 ኣባላት ልዕሊ. 21 ሚልዮን ናቕፋ ደቢስና ኣለና. . ." ክብል ሰፊሕ መግለጺ. ሂቡ፡፡

ብድሕር'ዚ፡ ንረዚን ዕለት ሰማእታት ዘንጸባርቕ እተፈላለየ ስነጥበባዊ ስርሓት ቀሪቡ፡፡ ኣብ'ቲ ንኣሰታት ክልተ ሰዓታት ዝጸንሐ መደብ፡ ጉዳይምን ውልዶን ሱ-

ዘኽርዎ ማሰረት፡ ብናጽነትን ሓላፍነትን ክቕጽሎ ግዴታኡ ተቐቢሉ ይቕጽል ኣሎ፡፡ ሰማእታት፡ ናይ ናጽነትን ሓርነትን ሓዳድ እያም፡፡ ኑቲ ናብ'ዚ ዘብጽሐ ደንቂ ክብርታት ኣብ ምህናጽ ዝሓለፉዎ ሓብጦ-ንጎጦን ዘወሰዶ ግዜን ኣመና ከቢድ እዩ፡፡ እዚ. ማሰረት'ዚ፡ ኣብ ሰንሰለት ወለዶታት እናተመልአ ኣብ ምዕራፉ ንኽበጽሕ፡ ሰንሰለት ወለዶታት ኣእዳዎም ንኽሰንብሩሉ ዝተሃጽፈ እዩ፡፡ ብሓድነትን ጸንዓትን ብልጽግትን ምዕብልትን ሃገር ምህናጽ ማለት፡ ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታት ኣብ መዓልቦ ምብጻሕ ስለ ዝኾኑ፡፡

መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣብ ምሉእ ሃገር ብኽብሪ እትዝከር ከም ምዃና መጠን፡ ብዝተፈላለየ ንውዕሎት ሰማእታትን ዝገደፉዎ ሕድሪን ዘንጸባርቕ መደባት ክትዝከር ካብ እትፍልም ዓሰርተታት ዓመታ ሓሊፉ ኣሎ፡፡ ካብ'ቲ ንናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ ሰማእታት ዝተዳለወ መደባት ሓደ ድማ፡ ኣብ 18 ሰነ ቦርድ ማሕበር ተጋደልትን ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዋሚይ ዘርያን ኣብ ቦታ ልምዓት ማይ-ድምነት ዘሰደዎ ንጥፈታት ምግራብን ምኽባኦሰን እዩ፡፡

ኣብ'ቲ ዕለት ካብ ኩሉ ከባቢታት ኣስመራ ዝተጠራሉ ኣባላት እተፈላለየ ማሕበራት፡ ከባቢ. ሰዓት 6፡00 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ባሕቲ ማእከረም ተኣኻኺቦም ቤት-ገርግሽ ድሕሪ ምብጻሖም፡ ጉዕዞ ናብ'ቲ ኣብ ገድሊ. ዓቢ. ተራ ዝተጻወተ ማይ-ድምነት ዝተባህለ ቦታ ኣምሪሖም፡፡ እዞም ብሕብርታትን ኣርማን

ዝወቐበ ማልያ ዝለበሱ ጉዳይም ተጋደልቲ፡ ኣባላት ቀዋሚይ ዘርያ፡ ሓይልታት ምክልኻልን መንእሰያትን ዝርከቡዎም ተዓዘዝቲ፡ ኣብ ምግራብን ምኽባኦሰን እያም ኣተዮም፡፡

ሓርበኛታት ተጋደልቲ፡ ብኣሃዱታት፡ ክፍላተ-ሰራዊትን ማሕበራትን ተኸፋፊሎም፡ ናብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዘልምዕዎ ሕዙእ ቦታ ብምምራሕ፡ ዋርሳይ ኣባላት ምክልኻል፡ ከምኡ ድማ ወረስቲ ሕድሪ መንእሰያትን ተመሃሮን ምስኣቶም ሓብሮም፡ ኢደይ ኢደካ እናበሉ፡ ገሪቦምን ከኺሎምን፡፡

ብዙሓት ካብ'ቶም ጉዳይም ተጋደልቲ፡ ኣካላዊ ስንክልና ዝተሰከሙን ምሉእ ጥዕና ዘይብሎምን ክንሶም፡ ባህርያዊ ብድሆ ከይዓንቶም፡ ብሓያል ኒሕን ጸንዓትን ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ እንክለው፡ ኑቶም ተረኺቦም ሃገር ኣቡትን ዝዩዳ ሓይሊን እዩ ነይሩ፡፡ እቲ መደብ፡ ንኣውረስትን ወረስትን ሕድሪ ኣብ ሓደ መድረኽ ዘኣተፈ ብምዃኑ፡ ዝዩዳ ፍሉይነት ነይሩዎ ክበሃል ይከኣል፡፡

መደብ ምስ ተዛዘመ፡ ኣቦ-መንበር ጥምረት ማሕበር ሓርበኛታት ኣቶ ሰለሙን ተወልደ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ "ሎሚ ኑቶም ወትሩ ካብ ኣእምሮና ዘይፍለዩ፡ ካብ ጎድንና 'ዓወት ንሓፋሽ' እናበሉ ዝተፈለዩና ሰማእታት ብምዝካር፡ እዛ ብኣዕጽምቶም ዝተኸበበት ሃገር ብልጽግቲ፡ ምዕብልትን ሕፍርትን መታን ክትከውን፡ ተኸሊ. ሰውኣት ብምልማዕ ንምዝካሮም ዝዓለም መደብ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኣሰዒቡ "ኣባላት ማሕበር ዝሰመዓና ሓጎስ፡ ቅሳነት፡ እፎይታ፡ ሓበን፡ ኩርዓትን ሓላፍነትን ልዑል እዩ፡፡ ንሰውኣትና፡ ቅሰኑ ሎምን ትማልን መብጽዓኹም ከትግበር ብቓልን ተግባርን ድልዋት ኢና፡፡ ሕድርም ተሰኪምና፡ ውዳቤና ብምሕያል ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናን ብምዃን፡ ተረኺብቲ ሃገር ዕጥቆም ሽጥ ኣቢሎምን ንቕሓቶም ብዝለዓለ ኣብሪኾም፡ ሃገርና ብቚጠባውን ወተሃደራውን መዳይ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብ ምብጻሕ ኣብ ዝግበር መደባት ልምዓት እጃምና ኣብ ምብርካት ንርከብ" ኢሉ፡፡



ኣቦ-መንበር ጥምረት ማሕበር ሓርበኛታት ኣቶ ሰለሙን ተወልደ

"ኣብ'ዚ. እዋን ዝተመሓየሸ ሓደሽ መታሓዳደሪ ሕጊ፡ ንኹለን ማሕበራት ዝሓቑፍን ንዕበየትን መሰረትን ጥጡሕ መንገዲ ዝጸርግን ኮይኑ ኣሎ፡፡ ንኹሎቶም ወከልቲ ማሕበራት ገድሊ. ዘሳትፍ፡ 'ጥምረት ማሕበር ሓርበኛታት' ዝብል ስም መጸውዒና ኮይኑ፡ ደሮ ጸዲቑ ኣሎ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ንኹሎም ኣባላት ማሕበር ዝሓቁፍ፡ ውሑስ ቁጠባዊ መሰረት ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዘደይብ፡ ምስ መደባት ልምዓት ህዝብን መንግስትን ዝሰማማዕ፡ ዘመሓየሸን ኣፍራይነትና እናዕበየሉ ብርክታት ብምውዳብ፡ ጸጋታትና ኣወሃሂድና ናብ ተግባር ዝኣተወና መደባት ዕውት ንኽኸውን፡ ኩሉ ኣባል ጥምረት ማሕበር ሓርበኛታት፡ ብዘለዎ ሞያዊ ክእለት ኣበርክቶኡ ንኽገብር፡ በዛ ረዚን ዕለት ጸውዒትና ነቕርብ፡፡

ጥበበኛታት፡ ንዝኽርን ውሽጣዊ ስምዒትን ተዓዚብቲ ዝተንክፈ ስነጥበባዊ ስራሓት ኣቕሪቦም፡፡

መዓልቲ ሰማእታት፡ መዓልቲ ሓበን እያ፡፡ ብቐንዱ ድማ ንድሕሪት ምልስ ብምባል ጉዕዞና እንገምገመላ ዕለት እያ፡፡ እቶም ብልጽግቲ፡ ምዕብልን ልኡላዊትን ዘውሓሰትን ሃገር ንምህናጽ ዝሓለፉ ሰማእታት፡ ብተግባር ንኽብንድብሮም እተዘኻኽር ዕለት'ውን እያ፡፡ እዚ. ስለ ዝኾነ ድማ፡ ወለዶታት ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት፡ ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ጠለባት እናፈጸሙ ይቕጽሉ ኣለዉ፡፡ እዚ. ሰንሰለት'ዚ፡ ብዘኾነ ይኹን ተጻባኢ. ሓይሊ. ዘይብተኽ፡ ዘዘመጽኣ ወለዶ ክሱብ ናይ ማስዋእቲ ዋጋ ብምኽፋል ዝቕጽሎ ብምዃኑ ድማ፡ ክብሪ ህዝበን ሃገርን ከይተደፍረ፡ ናጽነት ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን ወዲትን ሓይሊን ከይተቐርመመ ንዘልኣለም ክነብር እዩ፡፡

እቶም መቑሕ ባርነት ፈንጠሶም፡ ብርሃን ናጽነት ዝኸልዑልና ሰማእታት ዘልኣለም ክዘከሩን ሕድሮም ከትግበርን ምዃኑ ኣየጠራጥርን፡፡ ምኽንያቱ፡ ንታ ወትሩ ዝሓልምዋ ዝበሩ ናጻን ብልጽግትን ሃገር ጋህዲ. ዝገብሩ ወረስቲ ስለ ዘለዉ፡፡



# ኣጥናፉ - ዝተቚጽየ ፑሽኪን

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

“ኣንታ እዘን ኣሲያ ይጠንሳን ይሓርሳን፣ እዘን ኣሜሪካ'ውን ይጠንሳን ይሓርሳን፣ ኣንታ እዘን ኣውሮጳ ይጠንሳን ይሓርሳን፣ እዘን ኣፍሪቃ'ውን ይጠንሳን ይሓርሳን፣ ግን ከም ኤርትራውያን ኣይታትስ ኣይጠኑሳን ኣይሓረሳን!” ኢሉ ገጣሚ። ምናልባት፡ ከም ኤርትራውያን መጠን ንኡበሻካ ምትዕብባይ፡ ወይ ተጃህርቲ ምፍኣን ኣመል ስለ ዘይብልና እዛ ግጥሚ ከም ዋዛ ወይ ዝተጋነነት ኮይና ትሰማዓና ሰበት ንህሉ ንኸውን። እንተኸኡ፡ ኣብ ከርሲ እዛ ንኡበረላ ሃገር ብዘተረኽበ ኣሰራት ስልጣኑ፣ ኣብ ዓውደ ውግእ ናይ ኑብሰ ምክልኻል ብዘተመዝገበ ታሪኽ ጅግንነት፣ ንመመሓየሪ ሕግታት እንዳባገን ካልእን ዝምልከቱ ታሪኽ ሃገርና ምስ እንወከሱ፡ ጽግዓትን ሞያን ኤርትራዊ ዘርኢ ኣብ'ዛ ዓለምና ሰናፍ ኣይኮነን።

ኣዋጅ፣ ኣፍዓበት ንምምላስ ከቢድ ወፍሪ ገበረ። ኣፍዓበት ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ተታሒዛት'ምበር፡ ክሳብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1989 ኣብቲ ግንባር ኩናት ኣየቋረጸን። መጥቃዕትን ጸረ-መጥቃዕትን ዘይፍ ርብርብ። ድሕሪ'ቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ወርሒ ግንቦት ከረን ንምሓዝ ዘካየዶ ዘይተዓወተ ፈተነ ጸላኢ ካብቲ ዝጸንሐ ድፋዓት ተጋደልቲ ንቕድሚት ደፊኡ ብወገን ጸርጋ ኣብ ግዞሞዞ ዓረደ። ብወገን እንሲ ናብ እንጃሓይ ደየቡ ክፃርድ ከሉ፡ ብወገን ጎላጉል መዛብጥ እውን ኣብ ጅቅመራ ኮፍ በሉ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ክፍለ ሰራዊት 52 ካብ ከበቢ ግዞሞዞ ጀሚሩ ናብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣብ ዓንማባቱ ጎምጎም እንሲ ክሳብ ፊት ጅቅመራ ወግሬታይ ተዘርጊሑ ማከላኸሊኡ የደልድል ነበረ።

ሓፋሽ ተጋዳላይ ዘበጽሖ፡ እቶም ልቢ ዝሰልብ ዝቓናኦም ደምጻውያን ብምኳኖም፡ ዝይዳ ካብ ካልኦት ኣባላት ባህሊ ምስ ሰማዕቲ ቀረባ ርክብ ነበሮም። ሞያ ናይቶም ኣብ መድረኽ ዘይድይቡ ብድሕሪት ኮይኖም ዘሰንቑ ኣካላት ገጠምትን ዘየምትን ካብ ዓይኒ ሓፋሽ ዳርጋ ስዉራን እዮም። ብፍላይ ድማ ገጠምቲ።

ኣብ ጉጅለ ባህሊ ክፍለ ሰራዊት 52 ካብ ዝነበሩ ገጠምቲ፡ መሓሪ (ጅንጀሮኖ፡) ሃብተ፡ ጉብርሂወት ሓጎስ (ኣጥናፉን) እቶም ፍሉጣት እዮም። እቲ ኣቡታ ሓደጋ ዘጋጠመትላ ዕለት ካብ ብጾቱ ብማስዋእቲ ዝተፈልየ ኸኣ ሓደ ካብዞም ገጠምቲ ዝነበረ ተጋዳላይ ጉብርሂወት ሓጎስ ተላ (ኣጥናፉ) እዩ ዝነበረ።

“ኣጥናፉ ተሰዊኡ” ተባሂሉ ምስ ተወርየ፡ ንጹሓፌ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተሰምዖ

ኣጥናፉ ዝኪታተሉዎ ዝነበሩ ደምጻውያን፡ ዘየምትን ገጠምትን ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ውድብ። ምኽንያቱ፡ ስነ-ጥበበኛታት ኣባላት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ብሉጽ ደምጻዊ ናይ ክፍላተ-ሰራዊት ጉጅለታት ባህሊ ንዝነበሩ ገጠምትን ዘየምትን ንምፍላጥ ዘጸግም ኣብኡ ኣይነበሮምን። በዚ መሰረት፡ ብድሕሪ ደምጻውያን ኢልሳ ኪዳን ኣሮን ኣብርሃን ብምኳን ብሉጽ ግጥምታት ዝሀንደሰ ዝነበረ ስነ-ጥበበኛ ኣጥናፉ ምንባሩ ይፍለጥ ነይሩ እዩ።

ዚ ታሪኽ'ዚ፡ ባዕላ ደምጻዊት ኢልሳ ኪዳ፡ ምስ ህዝብን ሰራዊትን ክትላለ ካብ ዝበቕዐዋ ገጠምቲ ቀንዲ ሰወእ ተጋዳላይ ጉብርሂወት ሓጎስ (ኣጥናፉ) ምንባሩ ምስ ናይ ኣድናቖታ ትገልጾ። ኣብ ምዕቃብን ምምዕባልን ባህሊ ትግርኛ፣ ኣብ ምቕስቃስ ናይ ምቅላስ መንፈስ ህዝቢ፡ ወሲ ተጋዳላይ ክብ ኣብ ምባልን ኣጥናፉ ዝመርጾም ዝነበረ ስነ-ጥበባዊ ሜሊታት ካብቲ ናይ ካልኦት ገጠምቲ ዝፍለ ኣይነበረን። ግን ደምጻውያን ኣብ ምምራጽ ኣዝዩ ደንዳኒ ነበረ። ኣብቲ ጉጅለ ባህሊ ዜማታት ብኸመይን ንመንን ይዕደል ኣገባብ ኣሰራርሓ'ኳ እንተ ነበረ፡ ኣጥናፉ ዝበርሁዎ ዝተወሰኑ ዘየምትን ደምጻውያንን ነበሩዎ፣ ብፍላይ ኢልሳን ኣሮንን። ዝዜማታት የሃንስ ኣብርሃ ሰንጋል ከም ጸዓት ተሰኮሚ መንኮርኮር፣ ንመረዋሕ ድምሲ ኢልሳ ኪዳ ድማ ከም ቀስቲ ተጠቒሙ ኣብ ኣእዛን ሰማዕቲ ምብጻሕ ኣዘውቲሩ ሰሪሑሉ እዩ።

ቅድሚኡ 1982 ግን፡ ስነ-ጥበባዊ ተመክሮ ኣጥናፉ ሰፊሕ ነይሩ ዝበሃል ኣብኡ የለን። ክሳብ ሻውዓይ ክፍሊ ተማሂሩ ኣብ 1978 ናብ ሜዳ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ተዓላማይ ከሎ ብናቱ ሓርኮትኮት ግጥምታት ብምድላው ንብጾቱ የዘናግዕ ነበረ። ናብ ተዋጋኢ ሰራዊት ምስ ተመደበ'ውን ተመሳሳሊ ተሳትፎ ኣየቋረጸን። ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 80 ሕጽረት ገጠምትን መዚቃኛታትን ስለ ዝነበራ ኸኣ፡ እቶም ሓለፍቲ ናይ ስነ-ጥበብ መንቀሳቐሲት ዘለዎም ተጋደልትን ሓደስቲ ካብ ታዕሊም ዝተመደቡ መንእሰያትን ሃሰስ ክብሉ ጀመሩ። በዚ መሰረት፡ ኣጥናፉን ኢልሳ ኪዳንን ኣብ ኣዒንቲ ሓለፍቲ ብርጌድ 80 ወደቑ። ኣጥናፍ ካብ ሓይልታት ብርጌድ 80፣ ኢልሳ ኪዳ ድማ ካብ ቀያሕቲ ዕንቦባ ዓላ ብኣዚዚ ብርጌድ 80 ተጋዳላይ ሻይናክ ተጨውያ ከም ትዕለም ተገብረት'ሞ፡ ድሕሪ ፍሽለት ሻድሻይ ወራር ደድሕሪ ኣጥናፉ ኣብ ጸቡቕ ግራት ዝተባህለ ዓዲ ናብታ ጉጅለ ባህሊ ተጸንበረት።

ኢልሳ ኪዳ ናብታ ጉጅለ ባህሊ ድሕሪ ምጽንባራ፡ ጌና ሓመድ እግራ ከይነገፈት፡ ዜያምን መዚቃኛን የሃንስ (ጆን) “ዛ ቀልዓ ደርፌ ክንሰርሓላ ኢልና” ኢሉ ምስ ኣጥናፉ ተዘራረበ። ሽዑ ምሸት'ውን ሓንቲ ዜማ ክሰርሕ ጀመረ። ምስ ገጣሚ ኣጥናፉ ብምውህሃድ ከኣ ፍርቂ ለይቲ ወድኡዋ። ቴፕን ካሴትን ስለ ዘይነበሮም'ውን ንኢልሳ ኣተንሲኦም ከም ተጸንዓ ገበሩ። ኢልሳ'ውን ክሳብ ንግሆ ተለማሚዳ ኣጸንዓታ'ሞ፡ በታ ገጣሚ ኣጥናፉ “ወሉዲ” ዝበላ ኣርእስቲ ዝሃባ ደርፌ ስሉሳዊ ስርሖም ፈለሙ።

ወሉዲ ክንደይ ትናፈቑ
ካብ ቅድሚ ዓይነይ ፍጹም
ዘይትርሕቁ



ኣጥናፉ፡ ምስ ጉጅለ ባህሊ ብ/80 ኮፍ ካብ ዝበሉ - ካብ የማን ናብ ጸጋም ሳልሳይ

ብፍላይ ንዓውዲ ስነ-ጥበባዊ መሃዘትን ብዝምልከት፡ ሃገራዊ ፈስቲቫላት ኤርትራ፡ ብፍላይ ቀጽሪ ኤክስፖ ከም ዝመስከሮ፡ ብቕዓት ኤርትራዊ መንእሰይ ብርቂ ምኳኑ እዩ። ኣብ ትሕቲ ክትሰርሓሉ ኣዝዩ ጸንከር ዝነበረ ኩነታት ናይ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብዝተራእየ ምዕንባብ ባህሊ፡ ምርምርን መሃዘትን ናይ ኩሎቶም ዓውድታት መሰረት ብምንባር ኩሉ ኣብ ከርሲ ኤርትራ ዝተደኰለ ዝፍ ዓቕሚ ከምዘሎ ኣሚቲልና እዩ። እቲ ብሰንኪ መግዛእቲ ባይታ ሰኢኑ ብውሱን ደረጃ ክሰለ ዝጸንሐ ኤርትራዊ ጥበባዊ መሃዘትን ኩሉ ኣብ ሜዳ በቲ ድኑት ዓቕሚ ተጋዳላይ ምስ ተተባበዐን ምስ ተኸሰኩሰን ክጭብጨበን ክትንሰእን ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ውሽጢ'ዚ ከምዚ ዝበለ ባይታ ድማ፡ ብዘይኣ'ቶም ፈርዮም ዘለዉ ናይ ዓውደ-ውግእ ጀጋኑ ናይ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ሓደስቲ ጀጋኑ'ውን ተቐላቐሉ። ገጠምቲ፡ ዘየምቲ፡ ጸሓፍቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ደምጻውያን፡ ሰኣልቲ፡ ቀረጽቲ ... ። ካብ መንጎቶም ናይ ዓውደ ስነ-ጥበብ ጀጋኑ ድማ፡ ከዳ ኸደ! እናተባህለን ኣብ መጻኢ ተኣምር ከርእዩና ብኸፉት ሽውሃት እናተጸበናዮም ናጽነት ንምምጻእ ሒደት ዘይኮኑ ሞያዊ ዓቕሚ መጎኦ ተኸፊሉ። ነታ ህያብ ናጽነት ዝኸኑት ሃገርናን ጥበባዊ ስርሓቶምን ኣረኪቦምና ሓሊፎም። ሓደ ካብኣቶም ስውእ ስነ-ጥበበኛ ጉብርሂወት ሓጎስ (ኣጥናፉ) ኣባል ብርጌድ 80 ነበረ እዩ።

ብ1988 ኣብ ምርብራብ ግንባር ከረን እዩ። ብምድምሳስ ናደው እዝ ዝበሀረረ ስርዓት ደርጊ “ኩሉ ነገር ናብ ዓውደ ውግእ” ብዝበል መሪሕ

ብበለ ሸነኻት ድፋዕ ጸላኢ ገዚኡ ቦታ ብምንባሩ፡ ኑቲ ደጀን ወይ ክፍልታት ናይቲ ክፍለ-ሰራዊት ዝንቀሳቐሰሉን ንጥፈታት ዘካይደሉን ቦታታት ኣዳቒቑ ንኽኪታተሎ ብልጫ ነበሮ። ጸላኢ ከምኡ ዓይነት ዕድል ስለ ዝነበሮ፡ ከቢድ ኣጽዋር ተጠቒሙ ኑቲ ኣብ ድሕሪት ዝግበር ምንቅስቓስ ተጋደልቲ ንምድራት ደብዳብ የካይድ ነበረ።

እቲ ክፍለ-ሰራዊት፡ ካብቲ ኣኸራን ተደፊኡ ንድሕሪት ከይወርድ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ማከላኸሊኡ እናደልደለ ጸኒዑ ተዋግአ። ማዕረማዕረኡ፡ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ናይቲ ሰራዊት፡ ከምኡ'ውን ጉጅለ ባህሊ ክፍለ-ሰራዊት፡ ካብ ድሕሪት መስርሒ ድፋዕ ዝኸውን ሓዲድ መገዲ ባቡር ተሰኪሞም ናብ ድፍዓት የደይቡን ካብ ቦታ ውግእ ቀሳላት የውጽኡን ነበሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ጉጅለ ባህሊ ክፍለ ሰራዊት ብደብዳብ ተሃሪማ ዝበል ሓደ ኣሰንባዲ ዜና ተናፈሰ።

እዚ ወረ'ዚ፡ ብፍሉይ ኣሰንባዲ ዝኾነሉ ምኽንያታት፡ እቲ ሓፋሽ ተጋዳላይ ዳርጋ ንነፍሲ-ወከፍ ኣባል'ታ ጉጅለ ባህሊ ይፈልጣ ጥራይ ዘይኮነ ሳላ'ቲ ብሉጽ ጥበባዊ ፍርያታ የፍቅራ'ውን ስለ ዝነበረ እዩ። በዚ ምኽንያት ሰንቢዱን ሓዚኑን።


ካብኡ ሓሊፉ፡ “መን ተሰውአ? መን ቈሰለ?” ዝብሉ ሕቶታት ውሓዙ። ብዘይ ቀልዓለም ንምዝራብ እቲ ኣሰንባዲ ዜና ምስ ተናፈሰ እቲ ሓታታይ ቀዲሙ ኣብ ኣእምሮኡ ክቕጀሎ ዝጀመረ ምስሊ፡ ምስሊ ማስዋእቲ ናይቶም ህቡባት ደምጻውያን ነበረ። ኣሮን? ሓይልኣብ? ኢልሳ ኪዳ? ወዲሾኽ? ... ምኽንያቱ፡ ኑቲ ውዱእ ስራሕ ናብ ኣእዛን ናይቲ

ድንጋጸ ምስሊ ተጋዳላይ ጉብርሂወት ሓጎስ ናይ መጀመርታ 1987 ኣብ ገራሲት ቅጅል በሎ። ንጉጅለ ባህሊ ወሲኾ ዝተፈላለያ ክፍልታት ናይቲ ክፍለ ሰራዊት ኣብቲ ቦታ ነበራ። ኣብ ሓደ ናይ ምዝንጋዕ ኣጋጣሚ ኸኣ ኣጥናፉ ክልተ ግጥምታት ከንብብ ተዓዘበ። ኣጥናፉ ኣብ መድረኽ ኣብ ቅድሚ'ቲ ሓፋሽ ደው በሉ። ሰለል! ዝበለ ቁመት ድማ ነበሮ። ኣርባዕራሽ (ቁምጣ ስረ) እኳ ለቢሱ እንተ ነበረ፡ ግን ዘይት ዳንጋ ኣይነበሮን። ቅጥን ዝበለ መሓውር፡ ኣእዛኑ ድማ ንቕድሚት ግልብ ዝበለ እዩ። ሓያልን ሓፈሽን ድምጹ ተጠቒሙ ኑቲ ግጥሚ ከንጉድጉዶ ምስ ጀመረ ኸኣ፡ ኣዝዩ ደፋርን ልዑል ርእሰ ምትእምማንን ከም ዝነበሮ ተገዝበ።

እቲ ካልኣይ ቅጅለት ምስሊ ኣጥናፉ ንጹሓፌ ድማ፡ ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እዩ። እዚ ኸኣ፡ እተን ክፍልታት ክፍለ ሰራዊት ሓድሕደን ውድድር ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዘካይዳሉ ኣብ ዝነበራ ኣጋጣሚ እዩ። ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ጉጅለ ባህሊ ኣንጻር ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ሕክምና ገጢማ ጎል ምስ ኣእተወት፡ ኣጥናፉ ከም ዓሉ እናጋለበ ሓጎሱ ክገልጽ ተራእየ። በቲ ጋንታኡ ንምድጋፍ ሜዳ እናኸለለ ዝጉብሮ ዝነበረ ምዕልባጥ ኩሉ ናይ ስጋኡ ኣሕሊፉ ዘይሀብ ህልኸኛ ምኳኑ'ውን ተንጸባረቐ።

ማስዋእቲ ኣጥናፉ፡ ዘይ ከምቲ ንሞያ ኣጥናፉ ዘይፈልጥ ተራ ሓፋሽ፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ክ/ሰራዊትን ኣብኦቶም ካብ ዓንተቦ ኮስኩሶም ዘዕበዩዎ ሓለፍቲ ክፍለ-ሰራዊት፡ (ብፍላይ ኣብ ብርጌድ 80 ሓለፍቲ ነበር) ኣሰንባዲ ነበረ። ከምኡ'ውን ኣብኦቶም ንምጥምታት

መረርዩ ኩሉ ናፍቖትኩም
ወለድና ሰላምታ ይብጽሕኩም
ትገዛ ይበለኒ ኩሉ ዘሕለፍኩዎ
ናብራ



ምስ ወለደይ ኮይነ ኣሰላ ታሕቲ
ክብል
ከለንቅቑ ንዓይ ብሓጎስ ክዓቢ
ጀጋኑ ወሉዲ ጸዕራምታ ከም ንህቢ
ትዝታኹም ፍጹም ዘይውዳእ
ምልኪ ገጸቲ ዘይሕዳእ
ትናፍቕ ዓይኒ ኣብ ጸምጸም በረኻ
ክትረኽኩም ተሃዊኻ
መኣዝ ናይ ወሉዲ ዘይዝጸፍ ውሓዚ
ሩባ
እታ ጥዕምቲ ደሃይኩም ኣነ ፍጹም
ዘይክወላ
መሬት ትብረቕ ትዕረብ ምኣይ ኣላ
ዘልኣለም ዘይርሳዕ'ዩ ናትኩም ተራ
ኣዝዮማት . . .
ከማር ኩሓርስ ኣብ ሸቐለት ክዋፈር
ምስ ኩሉም ኣሕዋተይ ክሕጎስ
ክሽገር
ይገድሮ ሎሚ ናብራ ኤርትራውያን
ማጎዘ ቃልሰይ ግዱዲ ናይ
ጭዳውያን
ትዝታኹም ፍጹም ዘይውዳእ
ጭልቅዓት ዕንባብ መንእሰያት
ኣሕዋትና
ንጥፈታት ናይ ወሉዲ ዘይባርስ
ሕልና
ኣይርሳዕን ኩቶ ኣብ ቃልስና
ሰፊሩ ይርከብ ኣብ መዘክርና

ይቕጽል

## ፈትሊ እታ ሸምዓ

እምብዛ ረዚኑ ዕምቀቱ
ክንዲ'ቲ ባሕሪ ጥልቀቱ
ክብደቱ ብማንም ዘይዕየር
ዘይልካዕ ዘይስፈር
ካብ'ቲ መዝገብ ታሪኽ
ልዕሊ እምባ በሪኽ
የድሂ ኣሎ ሰማእቲ

ንዝተደፈና ኣዒንቲ
ሓሕ ኢሎም ብዓወታ
ናብኦም ምስ ተሳሕበ ቃታ
እቲ ኣያን ውሉድን ብሓደ
ብሪሞም ልቦም ነደደ
ኣይወሓዶምንዶ
ሸምዓ እዛ መኻኺት
ስምዒ እንዳኣላ ዳግማይ
ተመስራሒት
ፈትሊ እንዶ ንበሎም ናይ'ታ
ሸምዓ
ብርሃና ትምጡ ሓንሳብ ተወሊዓ
ገነት ዝሰፈፎም ሰማእቲ
በጃ ዝሓለፉ ንርስቲ
ኣይንቑዝም ኣይንሕዘነሎም
ጸሊም ኣይንክደነሎም
ንሶም ስሌና ክንዳና
ብደሞም ዝዓለሱ ባሕርና
በዕጽምቶም ዝሓጸሩ ዶባትና
ብሕድሮም ነሐድስ መብጽዓና

ኣርኣያ ሃይለ (ሞላ)

# ጥበብና ንሰማእታትና

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ሰንበት 18 ሰነ 2023፡ ስነ-ጥበበኛታት ሃገርና መዓልቲ ሰማእታት ምኽንያት ብምግባር፡ ንራብዓይ ዓመቶም ኣብ ቐጽሪ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኤርትራ - ኦሮታ - ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣካይዶም። ማዕረ-ማዕረ'ቲ ሰዓት 6፡30 ንግሆ ዝጀመሩዎ ናይ ጽሬት፡ ምግራብን ምኽስኻስን ዕማም፡ ብርክት ዝበሉ ወለንተኛታት ለገስቲ ደም ደማ ህይወት ዜጋታት ንምድሓን ደም ለጊሶም።



እዞም ስነ-ጥበበኛታት ኣብ 2018 እዮም ኣብ ፓርክ ሰማእታት ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ቅንያት ዝኽሪ ሰማእታት ገለ ኣበርክቶ ንምግባር ብወለንታኦም መደብ ጀሚሮም። ንኽልተ ዓመት ኣብ ፓርክ ሰማእታት ናይ ኣግራብ ስውኣት ምኽስኻስን ምትካልን ንጥፈታት ድሕሪ ምክያድ፡ ነቲ ዕለት ዝገልጽ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ የቕርቡ ነይሮም። ኣብ 2020 ግን ብሰንኪ



ለበዳ ሕማም ኮሮና ምንቅስቓስን ህዝባዊ ንጥፈታትን ስለ ዝተደረተ፡ ብዓቕሞም ነቲ ሰናይ ተግባር ክቕጽሉ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ መደብ ሓዙ። ብምምሕዳር 'ቲ ሆስፒታል ዝቐረበ፡ ቐጽሪ ኦሮታ ብሓፈሻዊ ንምሽፋን ኣቓዲሙ ኣብ ዝተወጠነ ዝኸይድ ዝነበረ መደብ ብምእታው ደሞም ተወሰኺ ኣግራብ ተኸሉ፡ ነቲ ዝነበረ ከኣኩሱ፡ ነቲ ቐጽሪ ደማ ኣጽረዩ። ምስ ኣሃዱ መጥፍእቲ ሓዊ ብምርድዳእ፡ ንመደቀሲ፡ መመርመሪ መጸበዪ... ክፍልታት ሕሙማት ወሰን ኢሎም'ውን ኣጽረዩ።

ሎሚ ዓመት፡ ናይ ወትሩ መሪሕ ጭርሖኦም ሒዞም፡ "ጥበብና ንሰማእታትና"፡ ክብሉ ኣርፊዶ። ኣብ 2018 መደብ "ጥበብና ንሰማእታትና" ክትጀመር እንከሎ፡ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ኣስመራ ዝነብሩ ስነ-ጥበበኛታት ተሳቲፎም ነይሮም። ብዙሕን ዓይነትን ተደማሚሩ ደማ ደሙቕ መደብ ዝኽሪ ተኣንገደ። ኣብ ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት፡ ዝተፈላለየ ትካላት መደብ ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ከአንግዳ ብምጅማረን፡ ብዙሓት ዘለዎም ስነ-ጥበበኛታት ኣብቲ ትካላቶም ዝዳለውዋኦ መደብ ክሳተፉን ክመርሑን ስለ ዘለዎም፡ ቐጽሪ ተሳተፍቲ ክጐድል ተራእዩ። ንሓደ ዕላማ ብምኻኑ ቅቡልን ክድፍኣሉ ዝግባእን'ዩ። ኩሎም ስነ-ጥበበኛታት ብሓደ ዝውዕሉን ሰማእታቶም ዝዝክሩሉን ዘኽብሩሉን መደብ ምስራዕ ግን ዓቢ መልእኽቲ ስለ ዘለዎ፡ ሕጂ'ውን 18 ሰነ ናይ ንግሆ ዛ ኣቐዲማ ዝጀመረት መደብ "ጥበብና ንሰማእታትና" እንተ ንሓዝኣ ጽቡቕ'ዩ ዝብል ርእይቶ ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት እዩ።

"ሓቂ ይሓይሽ እቲ ቐጽሪ ተጓዲሉ'ሉ፡ ግን ኣድማዒ ሰብ መጺኡ። ነቲ ዝተመደበ ስራሕ ደማ ብውህደት ኣሰላሲሉዎ፡" ብምባል ነቲ ዝተራእየ ተወፋይነት ተሳተፍቲ ይገልጽ ሓደ ካብ ኣወሃሃድቲ መደብ "ጥበብና ንሰማእታትና" ስነ-ጥበበኛ ደብሳይ ወልዱ። ሓደ ካብቲ ዓቕሚ ሰብ ዝተሻመሞም ኣብነት ቀዳማይ ዙርያ ኣብ ማይ ደምን ዝሰርዑዎ መደብ'ዩ ነይሩ። ኣብ በይኑ እዋን ተሰሪዑ እንተ ዝኸውን ዝያዳ ምትምልላእን ምዝበቖን'ሞ፡ ኣብ ዝቐጽል ሓደ መረዳእታ ክብጽሕ ይግባእ።

እዚ ሎሚ ዓመት ንሻድሻይ ግዜኡ ዝተኻየደ መደብ "ጥበብና ንሰማእታትና"፡ ምስ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ብምትሕብባር ዝካየድ መደብ ምዃኑ ወደብቱ ይገልጹ። ኣብቲ ዝካየድ መደባት፡ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ዝርከብ ኪሚት እዩ ናውቲ ማእቶትን ዘድሊ መሳርሒታት መጸራረዩን ዝቕርበሎም። ኣወሃሃድቲ፡ ነቲ ሎሚ ዓመት ዝተኻየደ ንጥፈታት ብኸምዚ ይገልጹዎ፤ ምኽስኻስን ምጽሃይን ኣቐዲሙ ዝተተኽለ ኣግራብ፡ ኣቐዲሙ ኣግራብ ዘይተተኽሎ ቦታ ተተኺሉዎ፤ ሓፈሻዊ ጽሬት ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ኦሮታ ተኻይዱ። "ብዘይካ'ዚ፡ ውሽጢ ክፍልታት ናይዚ ሆስፒታል'ውን - ኣብ ህጹጽ ረድኤትን መርኣዩን መመርመርን ዘሎ ክፍልታት - ዓቢ ናይ ጽሬት መደብ ተኻይዱ። ደም ምልጋስ ከኣ ዓመታዊ ዝካየድ ቀንዲ ንጥፈት እዩ። ካብ 6፡30 ንግሆ ጀሚርና ሕጂ [ኮብ. ሰዓት 11፡30 ቅ.ቀ.] ወዲእና፡" ይብል ደብሳይ ወልዱ።

ብዘይካ'ዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መደባት ኣካል ናይቲ መደብ ነይሩ። ኣብቲ መዓልቲ ዝቐርብ ትሕዝቶ፡ ኣቐዲሙ ብኮሚቲ ተመሚዩ እዩ ጸኒሑ። በዚ መሰረት፡ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶ - ብፍላይ ደርፍን ግጥምን - ብቛንቋታት ትግረን ትግርኛን ቀሪቡ። "ኣብዚ ዕለት'ዚ ብዙሕ መደባት ስለ ዘሎ፡ ብዙሒ ተሳተፍቲ ክምቲ ዝደለ ወይ ከምቲ ዝጀመሮ ኣሎ ክበዝሕ ኣይክኣልን። ግን እቲ ክሰርሕ ዝኽእል ከድምዕ ዝኽእል ብዙሕ ሰብ መጺኡና። ከምዚ ዓይነት መደባት ተወሃሂዱ እንተ ዝኸይድ ዝያዳ ምጸበቐ። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት ናይ ቀዳማይ ዙርያ፡ ናይ ማሕበራት ገድሊ መደባት ኣለዎም ሎሚ። በዚታት እቲ ሰብ ናብዚን ናብትን'ኳ እንተ ተመቓቐለ፡ ኩሉ ግን ወፊሩ'ዩ ዘሎ፡" ይብል ደብሳይ ንወህደት መደባት ጸቒጡ ክገልጽ እንከሎ። "ዛ ክብርቲ መዓልቲ ዝገልጽ ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶ ቐሪቡ፡" ድማ ይብል።

ብልዑል ተሳትፎን መንፈስን ሕልና ዘቕሰነ ስራሕ ከም ዝሰርሑ'ዮም ኣወሃሃድትን ተሳተፍትን ናይቲ መደብ ዝገልጹ። ወደብንት ኣለዩትን ይሃልዉ ደኣ'ምበር፡ ምሉእ-ብምሉእ ናይ ወለንታ ስራሕ ምዃኑ'ውን ይገልጹ። ስነ-ጥበበኛታትና፡ ንሰማእታትና ዘለዎም ፍቕርን ክብርን ዝገልጹሉ ስራሕ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ንጥፈታት ዝተራእየ ተሳታፍነት፡ ትግሃት፡ ዝቐረበ ስነ-ጥበባዊ ምርኢት፡ ድሙቕን ንኽብሪ ሰማእታት ዘንጸባርቑን'ዩ ነይሩ።

እዚ ደጋጊምና ዘልዓልናዮ፡ ዓሚ'ውን ብተመሳሳሊ ዝተማሕጸንናዮ ጉዳይ ምድርራብ መደባት ኣብ ሓደ ዕለትን ሰዓትን መዕለቢ ክግበረሉ ኣለዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ጉጅለ-ርእሳ መደብ "ዝኽሪ ሓበን" ዘይትሰርዕ ትካል ዳርጋ የላን። እዚ ቅዱስ ተግባር'ዚ ናብ ባህሊ ደሰጋር ምህላዉ ዘሕጉስ'ዩ። ካብዚ ንታሕቲ እናወረደ ድማ ክሳዕ ናብ ብስድራቤት ደረጃ ዝበዓሉ ከወርድ ይርአዩ። ልክዕ ከም ዓቢ ሃይማኖታዊ በዓል፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ፡ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፡ ኣብ ዘለዎ ዘበዓሎ ክኸውን ድማ'ዩ። ከምቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ምስ ኣተኻ ሰም ኩሉ ኤርትራዊ - ሃይማኖት ኮነ ዓሌት ከይፈለየ - ኣብ ሓደ መካነ-ሓርበኛታት ዝጸንሓካ፡ እዛ ዕለት ኩሉ ኤርትራዊ ብስድራቤት ደረጃ ብልዑል ክብሪ ዝዝከራ እያ።

ንምድርራብ መደባት ኣመልኪቱ ደብሳይ ወልዱ፡ "እዛ ናይ ስነ-ጥበበኛታት ፍልጥቲ እያ። ሻድሻይ ዓመታ'ያ ትኸይድ ዘላ። ነፍሲ-ወከፍ ስነ-ጥበበኛ ኸኣ ይፈልጣ'ዩ ኢልና ኢና ንሓስብ፤ ምኽንያቱ፡ ኣብዚኣ ዘይተሳተፈ ዳርጋ የለን። ምስቲን ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓትን ዕለትን መደባት ዝሰርዓ ዘለዋ ትካላት ልዑል ወህደት ክህሉ ኣለዎ። እቲ ንመዓልቲ ሰማእታት ዝዋበር

ውዳበታት ክበዝሕ ጽቡቕ እንደዩ፡ ግን ከኣ ክይደራረብ የብሉን። እዚ ከም ተመኩሮ ወሲድና ኣብ ቀጻሊ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ባህሊ ተረዳዲእና እዛ ዕለት ንሱ-



ጥበበኛታት ትሕዝኦሉ መንገዲ ክንፈጥር ክንፍትን ኢና፡" ይብል።

እዚ ኣብ ፓርክ ሰማእታት ዝጀመረ "ጥበብና ንሰማእታትና" ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ኣርባዕተ ተኸታታሊ ዓመት ምኪያዱን መጺኡ. መደባትን ኣመልኪቱ ክገልጽ እንከሎ ደብሳይ፡ "ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት ኣብ ፓርክ ሰማእታት ሰፊሕ ናይ ምግራብን ካልእ ንጥፈታትን ኣካይድ ኔርና። ብምኽንያት ኮቪድ ኣብዚኣ ጀሚርና። ዝተኸልናዮ ተኺሊ ኣብ ዝበጽሐ ከይበጻሕና ናብ ካልእ ክንከይድ ኣይንመርጽን። ምግራብ ናይዚ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል'ዚ ኣካል ጥዕናን ጽሬትን ሕብረተሰብ'ዩ። ስለዚ፡ ነቲ ዝተኸልናዮ ኣብ ዝበጽሐ ናይ ምብጻሕ መደብ'ያ እታ ዕላማ" ኢሉ። እቲ ስነ-ጥበበኛታት ዝተኸሉዎ ኣግራብ፡ ድሮ ሰለስተ ዓመቱ ገይሩ ኣሎ። ብዙተኻእሉ፡ ነቲ ቐጽሪ ናይ ስነ-ጥበበኛታት ቀጽሪ ምግባሩ'ዩ እቲ መደብ - ብምግራብን ምጽራይን።

ዕግበት ተሳትፎ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ከምዚ ዝበለ ንጥፈት ኣመልኪቱ ስነ-ጥበበኛ ሰሚር፡ "ስነ-ጥበበኛ ንሱ'ዩ ኣርኣያ። ሓደ ኣብቲ ህዝቢ ዘለዎ ተቐባልነት ዕዙዝ'ዩ። ስለዚ፡ ንሱ ዝገብሮ ነገር ከኣ ንኻልእ ኣርኣያ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ቀዳምነት ንሱ'ዩ ክወፊ ዘለዎ። እዛ መዓልቲ'ዚኣ ኸኣ እታ ዝረዘነት መዓልቲ'ያ። እቲ ዝኸበረ መስዋእቲ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ስነ-ጥበበኛ ኣብ ከምዚ ክሳተፍ ድሌቱ ልዑል'ዩ" ብምባል ይገልጽ።

ኣብ ፓርክ ሰማእታት፡ ስነ-ጥበበኛታት ዝዋገርኡዎ ናተይም ቦታ ከወፅም ሓቲቶም ምንባሮም ዝገለጸ ሰሚር፡ ኮሮና ካልእ ኣንፈት ከም ዝፈጠረሎም ይገልጽ። እታ ምድኮቡ፡ ዕለት ከሕልፉዎ ስለ ዘይደለዩ ደማ'ዮም ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ክወፍሩ ዝመደቡ። ናይ ጽሬት ንጥፈታት ከሳስሉ ናብ ምምሕዳር ኣስፒታል ኦሮታ ምስ ከዱ፡ እቲ ምምሕዳር ናይ ምግራብ መደብ ከም ዝበሮ ሓቢሮም። በዚ መሰረት፡ ኣብ ማእከል'ቲ ሆስፒታል ነጻ ቦታ ወሲደም፡

ዚ ሎሚ ራብዓይ ዓመቱ ሓዚሉ ዘሎ ቦታ ገሪቡዎ። "ካብ መርኣዩ ሕሙማት ጀሚርካ እዚ ኹሉ ብቐድሚት ዘሎን በቲ ናይ ህጻናት ሆስፒታልን ገራብናዮ ኣለና።

ዕላማና ክሳዕ እንዳ መወልዳን ክንቅጽል እዩ" ይብል ሰሚር።

ቐጽሪ ሆስፒታል ኦሮታ ናብ ምሉእ-ብምሉእ ሓፀሚላይ ንምቕያሩ እዩ እቲ መደቡ። ቀዳማይ ፍወሳ ሕማም ጽሬትን ጽባቐ ከባቢን እዩ። ብኣግራብ ዝወቀበ ቀጽሪ ደማ ንረኣዩኡ ጥዕና ዝፈጥር'ዩ። "ኣብ ከምዚ ቀጽሪ ገረብ ክትተኽል ከለኻ ክልተ ዕላማ ትገብር ኣለኻ ማለት'ዩ። ሓደ ንዝኽሪ ስውኣት ገረብ ስውእ ትተኽል፤ ካልኣይ ከኣ፡ ብኣግራብ ዝወቀበ ጥዑይ ከባቢ ትሃንጽ" ክብል ይገልጽ ሰሚር።

ክሳዕ ሕጂ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ሚእቲ ደሚርካ፡ ኣስታት 700 ኣግራብ ተኸሊሞን ተኸናኺናምን ኣለዉ። ብፍቕዲ ውሑድ ክመስል ይኽእል'ዩ። ኣብቲ ቐጽሪ ክትርእዮ ከለኻ ግን ብርክትን ንተወሳኺ ተመሳሳሊ ስራሕ ዝዕድምን እዩ።

"እቲ ንዓይ ዘለገሰኒ፡ መንእሰያት ወረስቲ እዮም እዚ ኹሉ ስራሕ ዝቕልስዎ ዘለዉ። ንኹሉ እናቐለሱ ኣድማዒ ስራሕ ሰሪሖም፡" ብምባል ይገልጾም ሰሚር፡ ነቶም ከዕረፉ ኣብ ንጡፍ ማእቶት ዝርፈዱ መንእሰያት ስነ-ጥበበኛታት።



## ጽባቐ

መረጼን ኣብ ፊቱ
ክርኢ ምስሉ
ባና ኣይነበርን ካራቫታ
ሱፍ ኣይለበሰን ሃሪ
ክሳዱ ኣይዓለቦን ክቡር ዕንቊ
ገጹ ኣይተቐብኣን መጸባበቒ።

ፍስሃ ግን በሎ
ኣብ ነብሱ ኩሉ ከም ዘሎ
ተመስገን ኢሉ ንፈጣሪ
ብትዕድልቲ ጽባቐ ውሽጢ።

ናብቲ ገበላ ውጽእ ኢሉ
ክዕዘብ ከባቢኡ
ከናዲ ጽቡቓት ከምኡ
ከዕልሎም ብዛዕባ ጽባቐ።

'ማመት' ኢሎማ ንወሓለ
ብወርቂ ክሳዳ ዘይልለ፣
በቲ ሓደ ሚካኤል
ተተንኪፉ ዝገድፍ ኣሰር።


'ሰብ ኣድኒቑ ንማመት
ሚካኤል...'
ኢሉ ምስ ነፍሱ ከመሳሰል
ስግር ደገ ውሽጡ ዳህሰሰ
ኣይተበረሆን! ግርማኦም ሃሰሰ።

ኣብኡ ኣይጸንሓቶን ጽባቐ
ናብቲ ስግር ኣቋመተ፡
ምስሉ ረኣየ፤
ጽባቐኦም ዘፈልፍል ጽባቐ
ጽምኦም ወዘ ዝፈጠረ
መሰልቱ ረኺቡ ምስኦም ሓበረ!

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

# ናጽነት፡ ስለ ናጽነት. . .!

*ስውእቲ ገዳም ተጋዳሊት ናጽነት ምሰግና ስብሃቱ ቀዳም ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ 31 ታሕሳስ 2022፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክቡር ሓመድ ዓዲም ምስ ለበሰት ታሪኽ ሂወታ ተዘንቢሉ። ጽማቝ ትሕዝትኡ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኣሎ፦*



ናጽነት ምስ ጓላን በዓል ቤታን

ስውእቲ ተጋዳሊት ናጽነት፡ ካብ ኣቦኣ ኣቶ ምሰግና ስብሃቱን ኣዲኣ ለተየሱስ ዘርኤን፡ ብ30 ሰነ 1957 ኣብ ዓዲ ንፋስ - ዞባ ማእከል ተወሊዳ። ክሳብ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ ተኸታቲላ። ብ1975 ጸላኢ ንዓዲ ንፋስ ኣብ ዘቃጸለሉ እዋን፡ ገዛኦም ብሓዊ ተሃሚኹ። ኣቡኣ ድማ ብጥይት ተወጊኦም። ናጽነት ኣቐዲማ ምስ ተጋደልቲ እናተራኸበት ሃገራዊ ስምዒት ከተሕድር ጀሚራ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ንኣረሜናዊ ተግባር ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብዓይና ምስ ረአየት ናይ ምቅላስ ድሌታ ክብ ኢሉ። በዚ ድማ ሃገራዊ ስምዒታ ጥርዚ ምስ በጽሐ፡ ኣብ 1976 ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተወዲባ ሓፈሻዊ ኩነታት ጸላኢ ኣብ ምክትታል ብዘወፈየቶ ኣብ ትካየደሉ ዝነበረት እዋን፡ ብ03 ጥሪ 1981 ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ጸላኢ ኣትያ። ብኣረሜናዊ ኣገባብ ምስ ተመርመረት፡ ንሓሙሽተ ዓመት ብጽንዑ ክትእሰር ተፈሪዳ። እንተኾነ፡ ንኣስታት ሰለስተ ዓመትን ፈረቓን ኣብ ኣስመራ ኣብ ክፍሊ መርመራ ማርያም ግምብን ቤት ማእሰርቲ ሓዝሓዝን ተኣሲራ ምስ ወጽኣት፡ ዘይሃስስ በሰላታትን ኣብ ግዳያት ጉድኣትን ሒዛ ክትጋደል ወሰነት። ምስ ናይ ህ.ግ ኣባላት ርክብ ምስ መስረተት ድማ፡ ካብ ኣስመራን ካብቶም ዝከታተልዋ ዝነበሩ ሰለይቲን ኣምሊጣ ኣብ መኣርዕ ህዝባዊ ሰራዊት ተሰሊፋ።

ኩሉ ቀባራይ በቲ ዝተነበ ሓጺር ታሪኻ ምስተፋነዋ - ብጾንዳታን ተወፋይነታን እናተዛረበ ካብ ቀጽሪ መቓብር ሓርበኛታት ወጽኡ። ኣነ እምበኣር - ‘ቀባራይ በዚ ሓጺር ታሪኻ ክንድ'ዚ ዝተገረመ ደኣ ኑቲ ናብ ሜዳ ክትጋደል ምስ ወጽኣት ምስ መጽሔት ሳግም (ወርሓዊት ልሳን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ) ዘካየደቶ ቃለ-መሕትት እንተዘንበቦስ እንታይ ምበለ . .!’ ዝብል ሓሳብ መጺኡኒ።

እዝሆ ድማ ሎሚ ብምኽንያት'ዚ ረዚን ዕለተ-ስዉኣታት፡ እቲ ተጋዳሊት ናጽነት ምስ ወርሓዊት መጽሔት ሳግም ቁ.6 ታሕሳስ 1987 ዘካየደቶ ቃለ-መሕትት ከምዝለዎ ናብ ኣንበብቲ ክቐርብ ምእንቲ፡ ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣረኪበዮ። ሰናይ ምክትታል፦

ብጸይቲ ናጽነት፡ ዕላልና ካብቲ ኣብ ማርያም ግምቢ ዝኣተኽላ መዓልቲ ክንጅምሮ። ኣብኡ ብኸመይ ኣገባብ ተመርሚርኪ?

ብ3 ጥሪ 1981፡ ሰዓት 9፡30 ምሸት ናብ ገዛይ መጺኦም ናብ ማርያም ግምቢ ወሲዶምኒ ። ንጽባሒቱ ንግሆ ንሰዓት ሸሞንተ ርብዒ ጎደል፡ ኣብ ቅድሚ ሰለስተ መኮንናት ቀሪበ። ሸሓጢም ንኸእምነኒ፡ “እንተ ደኣ ተሓባቢርክና፡ ኣብ ዝደለኽዮ ስራሕ ክሰለጥኪ፡ ናብ ዝደለኽዮ ዓዲ ክንሰደኪ፡ ንህይወትኪ'ውን ውሕስቲ ክንገብረልኪ ኢና።” ኢሎምኒ። ‘ዝፈልጦ ነገር የብለይን’ ምስ በልክዎም፡ ናብ'ቶም መርመርቲ ሰዲዶምኒ። መርመርቲ ንፍርቂ ሰዓት ብልዙብን መስቀላዊ ሕቶታትን ኣዘራሪቦምኒ። ፍረ ምስ ሰኣኑ፡ “እንተዘይ ተዛሪብኪ ክትጭፍጨፊ ኢኺ፣ ትንፋስኪ ከሕልፈኪ ኢና።” እናበሉ ሃዲዶምኒ። ንኽሰንብድ ተቐጥቂጦም ሃለዋቶም ዝጠፍኡ ሰባት ኣርእዮምኒ። እናተወቕዑ ዘእወዩ ንኽሰምዑ ናብ ከበቢ'ቲ መቕጥቀጢ ቦታ ወሲዶምኒ። ሽዑ'ውን ምእማን ምስ ኣበኹ፡ ናብቲ መርመራ ክፍሊ ኣእትዮም፡ ኢደይ እግረይ ኣሲሮም፡ ኣካላተይ ናይ ቁጽሪ 8 መልክዕ ከምዝሕዝ ገይሮም ብዓቢ ባላ ኣብ ሃዋህው ኣንጠልጢሎምኒ። ብዝምላሰን ደምን ዝጨፈቐ ጨርቂ ኣብ ኣፈይ ወቲፎም ኣዒንተይ ምስ ሸፈኑኒ ድማ፡ ሽዱሽተ ሰባት እናተበራረዩ ምሉእ ኣካላተይ፡ እንተላይ ኩቡዲ እግረይ ገሪፎምኒ።

ተቐጥቂጠ ምዝራብ ምስ ኣበኹ፡ ኣብቲ ኣፍ-ደገ ኣብ በላሕቲ ጀሶ ዝተሃጸፈ ቦታ፡ በቲ ዝተመላለጠ ደም ቲፍቲፍ ዝብል ኣእጋረይ ከረግጹ ኣገዲዶምኒ። እቲ በላሕቲ ጸጸር ኣብቲ ዝቖሰለ ኩቡዲ እግረይ ተሸኺቱ ቃንዛ በርቲዑኒ ምኻድ ምስ ኣበኹ፡ ክልተ ሰባት ብኽልተ ኣእዳወይ ወጠጦምኒ። ደው እንተበልኩ፡ ኣፍኩሰ ምእንቲ ከይረግጽ ኣብ ልዕሊ ገምጦ ኣእጋረይ ረጊጾም ደው ይብሉ። ሃለዋተይ ምስ ኣጥፋእኩ ከኣ፡ ኣብኡ ደርቢዮምኒ ከይዶም።

እቲ ከምዚ ዝበለ መርመራ ንኽንደይ ግዜ ቀጺሉ?

ኣብቲ መጀመርታ እዋን፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ መርሚሮምኒ። ገለ ነገር ምስ ሰኣኑለይ፡ ኣብ ሓዝሓዝ ናብ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ደቂ ኣንስትዮ ሰዲዶምኒ። ድሕሪ ሸውዓተ ወርሒ ግን፡ “ሓድሽ ክሲ መጺኡኪ ኣሎ” ኢሎም ናብ ማርያም ግምቢ ጸዊዮምኒ። ድሕሪ'ቲ ልሙድን ሓጺርን ናይ ምትሓል ቃላት ከኣ፡ ናብቲ ልሙድ መገረፍቲ፡ ብኤለክትሪካዊ ተዘዚታ ምሕራር፡ ኣብ ርሳሕ ማይ ዝመልአ ፈስቶ ምጥሓቕ ኣትዮም። ብኸምዚ ንወርሕን ክልተ ቅነን መርሚሮም ናብ ሓዝሓዝ መሊሶምኒ። ድሕሪ ክልተ ወርሒ ድማ፡ ንሳልሳይ ግዜ ናብ ማርያም ግምቢ ተጸዊዐ። ናብቲ ሽዑ ኣብኡ ቦታ ሂቦሞ ዝነበሩ ኩዕሶ ተኸሊኡ ዓደን ቀሪበ። ምስ ክልተ ብጾተይ ኩይኑ ንኽልተ ሰሙን መርሚሩ ምስ ቀበጹ ንመወዳእታ ግዜ ናብ ሓዝሓዝ ተመሊሰ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ መርመራ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ዕለት ስቅያት፡ ካልእ ጉዳኣት'ውን ኣውሪዱልኪ ዶ ይኸውን?

እወ፡ ንሰለስተ ዓመት ብእግረይ ክንቀሳቐስ ኣይክእልን ነይረ። ናይ ማህጸን ሕማም ኣሕዲሩ፡ ሕቖይ ኮፍ ኣየብለንን ነይሩ። ብኣእዳወይ ምብላዕ ዝሰኣንኩሉ ግዜ'ውን ሓጺር ኣይነበረን። ብፍላይ ኣብ ኩቡዲ-እግረይ ክጻወሮ ዘይክእል ቃንዛ ነይሩኒ። ኣብ ብርኪ ዝበለ ኮፍ እንተደኣ ኢለ፡ ብኡ ንብኡ ኣእጋረይ ይሓብጡ። ኣብ ሜዳ ምስ ተሓከምኩ ብዙሕ ሐሺኒ ኣሎ። እንተኾነ፡ ሕጂ'ውን ንነውሕ ዝበለ መንገዲ ክኸይድ፡ ጉልበታዊ ዕዮ ክዓዪ፡ ክብድ ዝበለ ነገር ከልዕል ኣይክእልን እየ። ኣብ ግዜ ቁሪ ድማ ምጽማሙ ዘይከኣል ቃንዛ ይገብረለይ።

ኣብ ክፍሊ መርመራ ካብ ዘጋጠሙኺ ዘይትርስዕዮ ፍጻመ እንታይ እዩ?

ብዙሕ እዩ። ብዝያዳ ግን ሓደ መዓልቲ እናተገረፍኩ ከለኹ፡ ካብ የማናይ ኩቡዲ-እግረይ ተበጺሉ ስጋ ዝወደቐሉ እሞ፡ ማህረምቲ ስለዝቖጸለ ዝተሰምዓኒ ቃንዛን ዝበረኒ ስቓይን ክርስዖ ኣይክእልን እየ። ካልእ ድማ፡ ቅጥቅጥ ወዲኦምኒ ናብ ካሜራ (ክፍልና) ክመልሱኒ ከለዉ፡ “ሕስብ ሕደሪ” ይብሉኒ። ናይ ለይቲ ሓሳባተይ ግን ብኣንጻር እቲ ንሶም ዝጸበይዎ ብዛዕባ እታ ናጻ ኣየር ዘተንፍሰላን ብሓበን ንሜዳ ዘወጻላን መዓልቲ እዩ ነይሩ። ኣብታ ጸልማት ገዛ በቲ ናይ መስኮት ፈቓቕ ዝረኣዩ ዝነበሩ ሓደ ክልተ ከዋኽብቲ፡ ከምኡ'ውን ጨፈራታት ብርሃን ወርሒ ዝሀቡኒ ተስፋ መለክዒ ኣይትረኽበሉን።

ናብ ሓፈሻዊ ኩነታት እሱራት ክንሓልፍ፣ ኣብ ማርያም ግምቢ መዓልታዊ ሂወት እሱራት ከመይ ይመስል?

ኣብኡ ሸሞንተ ካሜራታት ኣለዋ። ሽዱሽተ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ክልተ ድማ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ። ኣብ ሓንቲ ካሜራ 60 – 65 ሰባት ይሰፍሩ። ብሰንኪ ጸበት ቦታ ተኾርሚኻ ኢኻ ትሓድር። ኮፍ መበሊ'ውን ትስእነሉ እዋናት ኣሎ። 24 ሰዓታት ኣብ ሽላ ምስ ተዓጽኻ ኢኻ፡ ደገ ወጺኻ ንፋስ ክትውቃዕ ጸሓይ ክትርኢ ኣይሕሰብን እዩ። ሽንቲ እቶም መርመርቲ ኣብ ዘየሰርሑሉ ግዜ ንግሆ ካብ ሰዓት 5፡30 – 8፡00፡ ቀትሪ ካብ ሰዓት 12፡00 – 1፡00 ምሸት ድማ ካብ ሰዓት 4፡00 – 6፡00 ጥራይ እዩ ዝፍቀድ። ንሓንቲ ካሜራ ዓሰርተ ደቓይቕ ስለ ዝፍቀደላ፡ ንዝተሸገሩ ኢኻ ቀልቀል ክወጹ ዕድል ትህቦም። ብዝተረፈ ግን ኑቲ መግቢ ሒዙ ካብ ስድራ ኣብ ዝመጾ ሸሓኒ ሽንትዮ ዝጸናሕካ ከተፍስስ ጥራይ ኢኻ ትኽእል። ቀትሪ ይኹን ለይቲ ወጺኣት ዝሓዞም ወይ ምጽዋር ዝሰኣኑ፡ ኣብ ውሽጢ ካሜራ ክሸኑ፡ ቀልቀል ክወጹ ግድን እዩ። እዚ ኑቲ ካሜራ ብሕማቕ ሽታ ስለ ዝዕለሉ፡ ብፕላስቲክ ኣሰርና ከቆምጦ ንግበር። እዚ'ውን እንተተረኺቡ እዩ። ንመርመራ ክትወጽእ ከለኻ ምስ ናይ ካልእ ካሜራ ሰብ ክትዛረብ፡ ዋላ'ውን ክትጠማመት ክልኩል እዩ። ኣፍኻ ተለጉሙ ከሎ ግን፡ ‘ብዓይንኻ ተጠማሚትካ መልእኽቲ ክትመሓላለፍ ይከኣል እዩ’ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ፡ ምጥምማት'ውን ብዙሕ ሕቶን መውቃዕትን የኸትለልካ።

ኣገልግሎት ሕክምና'ኸ ከመይ ነይሩ?

ንስሙ ቀዳማይ ረዲኤት ኣሎ። ግዳ ብቕዓት፡ ጽሬትን መድሃኒትን ስለ ዘየሉ፡ ዝጠቕሙካ የብሎምን። ንርእሰይ ኣብቲ ብኢደይ ክበልዕ፡ ብእግረይ ክረግጽ ዘይክእለሉ ዝነበርኩ እዋን፡ ንኽልተ ኣዋርሕ እናተሳቐኹ ብዘይካ ክልተ ፍረ ከኒና ፈውሲ ቃንዛ፡ ክልተ ድማ ቴትራሳይክሊን ካልእ መድሃኒት ኣይረኣኹን። እሱራት ብሶሙናን ማይን ተሓጺቦም ካብ ገዛኦም ብዝመጽኦም ሽኮስ ገይርም እዮም ዝሕከሙ። እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም፡ ንዝተኣሰርካሉ ቤት ማሕበስ ተመሊሶም ክራይ ገዛ ክትከፍል ምግዳዶም እዩ። ነፍሲ ወከፍና ንሰሙን ቅርሺን ሓምሳን ንኸፍል ነይርና። እቶም ቤተ-ሰብ ዘይብሎም ካብ ዘሎም ተለቂሖም ይኸፍሉ ነይሮም።

ኣብ ማርያም ግምቢ፡ ኣብቲ ንስኺ ዝነበርክሉ ግዜ 130 ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝነበራ ጠቒስኪ ኣለኺ። ኣብ ልዕለአን ከ ከመይ ዝበለ ግፍዒታት ይፍጸም ነይሩ?

ክትዛረበሉ ዘሸግር ግፍዕታት እዩ ኣብ ልዕለአን ዝፍጸም ነይሩ። ኣብ ብልዕተን ዘንጊ ሓጺን ኣእትዮም የሳቕዩወን። ንሓንቲ ኣልጋሽ ሓድጉ ዝተባህለት ምስና ዝነበረት ከምኡ ገይሮማ። ንኻልኦት'ውን ኣብ ብልዕተን ብኤለትሪክ ሃለዋተን ክሳብ ዘጥፍኣ የሕርርወን። ሃለዋተን ምስ ኣጥፍኣ፡ ንጹታዊ ርክብ ኣካላተን ይድህስስዎ፣ ይጋሰሱወን። ምሸት ምሸት ንመርመራ ኢሎም እናወሰዱ ይዕምጹወን። ስለ ዝሓፍራ ግን ብዙሓት ክዛረባሉ ኣይደልያን።

ኣብኡ ዝሓረሳ ወይ ምስ ህጻናት ደቀን ዝተኣሰራ ነይረን ዶ?

ብዙሓት ነይረን። ናይ ሃገራዊ ደርፊ ካሴት ሒዝኪ ተባሂላ ከበድ መገረፍቲ ዝፍጸመላ ዝነበረት ኣብባ ዝሰማ በዓልቲ መንደፈራ እዝክር። ወዳ ጡብ ስለ ዝገደፈ፡ ብቑቸቶ ዝሰትዮ ጸባ ሰኢና ትሳቐ ነይራ። ኣብ ደገ ወጺኡ ክጻወት ስለዝደለ፡ ንሓናይ ይብኮ ነዲኡ። ግን ኣይፍቀደሎምን። ንማህረምቲ ከወስዱዋ ከለዉ፡ ዋላ ኢዩ እናበለ ካብ ሕቖፎኣ መንጠሎም ምስ'ተን ካልኦት እሱራት ይገድፍዎ።

ጸገ ኣርኣያ ዝተባህለት ካልእ'ውን ኣብኡ ወሊዳ ብዙሕ ሕሰም ርእያ። ጨርቂ ቁልዓ ክትሓጽብ ወይ ክትሰጥሕ ምስ እትደሊ ይኸልከልዋ። እታ ህጻን ድማ ሽንቲ ቀጭ-ቀጭ እናበላ ምስቲ ተወለዐ ዝሓደር መብራህቲ ናይ ብዙሓት እስትንፋስን ቃንዛን ዓቕላ እናጸበበ ምሉእ ለይቲ ክትነብኺ ትሓድር ነይራ። ኣዲኣ ድማ ምስኣ። ምርያምን ትዕግስቲን ዝበሃላ ካልኦት'ውን ነይረን። እቲ ዘየርስዕ፡ ህጻናት ከም ካልኦት እሱራት ንመደቀሲ ክልተ ቸመንቶ (40 ሰንቲ ሜተር) ይፍለየሎም ነይሩ። ደሓር ግን ‘ንኣዴታቶም እምበር ንዕኦም ስለ ዘይኣሰርና ኣይንሀቦምን’ ኢሎምና። እቲ እሱር ድማ ተጸጊዑ ኑቶም ቆልዑ ዝኣክል መደቀሲ ይገድፈሎም ነይሩ።

መርመራ ምስ ወዳእኪ፡ ናብ ቤት-ፍርዲ ወሲዶም ዶ ፈሪዶምኺ?

ዝረኸቡለይ ገበን ኣይነበረን። ደሓር ድማ ንኤርትራውያን ‘ናይ ፖለቲካ እሱራት’ እናበሉ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣየቕርብዎምን እዮም። ጉዳይካ ብጦበእ ምሰማዕ ጠበቓ ሒዝካ ምምጓት ዝበሃል የለን። ንዓይን ምሳይ ዝነበሩን ኣብ ቅድሚ ሓደ ወታሃደራዊ ኮሚቲ ኣቕሪቦም እዮም ፈሪዶምና። ኑቶም ሸሞንተ ንሞት ክፈርድዎም ከለዉ፡ ኑቶም ዝተረፍና ዓሰርተ ሽዱሽተ ድማ ንሓሙሽተ ዓመት ጽንዑ ማእሰርቲ ፈሪዶምና። ካብ'ቶም ዝተረሸኑ ንሰለስተ ጥራይ እየ ዝፈልጥ - ግርማይ መሳፍን፡ ቴድሮስ መለሰን ወዲ በይን ዝተባህለ ናይ ፋብሪካ ካሻ ሰራሕተኛን።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተረሸኑ ወይ ዝሞቱ'ኸ ትፈልጢ ዶ?

መምህር ሰገድ ዝተባህለ ናይ ሸውዓተ ዓመት ፍርዱ ክፍጽም ክልተ ዓመት ምስ ተረፎ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምንቅስቓስ ኣለዓዒልካ ኢሎም ረሺኖሞ። ንሓደ ንሞት ተፈሪዱ ኣብ ክልተ እግሩን ኢዱን ከቢድ ሓጺን ኣንጠልጢሉ ዝኸይድ ዝነበረ መብራህቱ ዝተባህለ ን4 ዓመትን 3 ወርሕን ኣሳቕዮም ረሺኖሞ። ሓደ ስሙ ዘይፈልጦ ብዓል ዓዲ ኣቤይቶ መውቃዕቲ ስለ ዘርትዐሉ፡ እናተመርመረ እንከሎ ተሰዊኡ። ረሳ ክወስዱ ንዝመጽኡ ስድራ ቤቱ ድማ ‘ብሕማም ኩሊት እዩ ሞይቱ’ ኢሎም ኣፈራሪሞሞም። ካብ'ተን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ንሓንቲ ማና ሓጎስ ዝተባህለት ረሺኖም።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንዘወረደኪ ስቓይ ከመይ ገይርኪ ተጻዊርኪ፡ ኣብ መትከልኪ ክትጸንዒ ክኢልኪ?

እቲ ቀንዲ ነገር ሞራል እዩ። ኣብ ቅድሚ መርመርትኻ ትሳቐ፡ ትቐንዝ ምህላውካ ከተፍልጦም ኣይትደልን። ከምዝይተነበርከኽካ ከተርእዮም ኢኻ ትጽዕር። ኣካላትካ ብመገረፍቲ በሻዕሻዕ ኢሉ ደም እናንባዕካ ኣብ ቅድሚኦም ሰንኻ ትሓክስ፡ ከምዝይተሰማዓካ ንዘቖሰለ እግርኻ ትረግጾ። ካልኣይን ዓቢን ረቛሒ፡ እቲ ኣብ መንጎ እሱራት ዘሎ ምትሕልላይን ምትብባዕን እዩ፡ ንሱ'ዩ ሓቦ ዘዕጥቐካ።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና!**
**ብስራሕና ይደበሱ !**
**በረኸት ኪዳን ግደ**

**ይቕጽል**



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ራንያ መሓመድ መሕሙድ፡ ተኸሳሲ ዓሊ ጀማል ዓሊ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣሚራ ዓሊ ዐሶማን ኣደይ ሓሊማ መሓመድ ፈረጅ ስለዝዋረረቲ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ ዘርኣይ ሃይለ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋይ ባህታ ገ/ሚካኤል ዘሎ ናይ ሰቪል ክርክር ጉዳይ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.40 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሮዳስ ተስፋሚካኤል ምግል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ብመገዲ ወለዳ ሓየሎም ኣርኣያ፡ ት/ዕድመ ራሄል መርሃዊ ሳሙኤል ምግል ተሪፉ፡ ራሄል ሓየሎም ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብእያ ይቕረብ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ፓራዲዞ

ሌሎ እምባዬ ኣብርሃ ዑቕባክርስቶስ፡ በዓልቲ ቤተይ ተለንት ደርጋኣለም ጠዓመ ተፈሪ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጀመሪያ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚ መሓመድ ካሕሳይ፥ ወላዲትና ገዕመሽ ጎይትኦም ኣርኣያ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ካብ ቃልኪዳን ወጻኢ ዝተወለድና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ወ/ሮ የዛና ስብሃቱ ስምኦን፡ በዓል-ቤተይ የናስ ተወልደ ካሕሳይ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጀመሪያ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሬዘነ ርእሶም ደባስ፡ ኣቦና ርእሶም ደባስ ሚከኤልን ኣዴና ንግስቲ ተስፋሚካኤልን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ጉይትኦም ሃይለ ይትባረኽ፡ ኣደይ መኣዛ ገብረሂወት ደስታ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲት ወ/ሮ ምልእተጺጋ ወልደሊባኖስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም ብርሃ ወልደሊባኖስ፡ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክርክር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ንርኣዮ ካሕሳይ ሓጎስ፡ ኣቦሓጎና ኣቶ ሓጎስ ብሩ ዒተልን ዓባይና ወ/ሮ ለተንሳአ ተላን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ኣፍ/ጺጋይ ሓጎስ 3 ኣሕዋት ናይ ኣፍ/ኣብርሃም ሓጎስ 1ጓሉ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ መሓሪ ዑቕባስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ሚከኤል መኮንን ሰለቡ፡ ኣደይ ህይወት ወልደጋብር ገዘዘ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ዳኒኤል ግርማይ ሓጎስ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ዘይኑብ ዓብደላ ኣብነከር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ዳኒኤል ገብረሂወት ገ/ኪዳን፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጸጊረዳ ዘርማሽ ሰለቡ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሊድያ ኣማኑኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ገብረልኡል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ሮ ሰናይት ኣርኣያ ተወልደ፡ ኣዴና ሓዳስ ኣማኒኤል ባርያጋብር ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ይሕደጎ ተስፋገርግሽ +3 ብወኪል ኣቶ ይሕደጎ ተስፋገርግሽ ኣቢሎም፡ ኣዴና እሙና በላይ ጊላጋብር ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሶግይሽ ምስየና ኣስፍሃ፡ ወለድና ፈተውራሪ ምስየና ኣስፍሃ ተድላን ኣዴና ሂማን ሃብተን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተበርህ ጸገዙኣብ ገብረሂወት፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ኣያብ ዓንደማስቀል ረዳእ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጀመሪያ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዑቕበት ሰገድ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ወልደኪዳን ኪዳነ ቀላቲ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጀመሪያ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዊንታ እስቲፋኖስ ደብረጼን፡ ኣቦይ እስቲፋኖስ ደብረጼን ሰለባ ስለዝዋረረ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ኣቶ ሙልጌታ ተኽለ ኣስገዶ፥ ወለድና ሞሽይ ተኽለ ኣስገደ ወልደትንሳኤን ኔጨ ተላ ሰለሙንን ስለዝዋረሩ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪ.ድባ

ወ/ሮ ጸሃይሽ በየን ወልደጋብር፡ ወኪል ኣቶ ኣለም ማሓሪ ግደ፥ ሓውና የውሃንስ በየን ወልደጋብር ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ደቂ ሓፍተይን ሓሙሽተና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ጸገረዳ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ወ/ሮ ጸሃይሽ ገለ ማዘንግዕ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓጣ ሙሳ፥ ሓወይ ሰራጅ ሙሳ እድሪስ ስለዝዋረረ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ለተሚካኤል ምሕረትኣብ ገሹ ድማ ናይ መጀመሪያ ማሳለ ይተሓለወላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ በየን ዓብደላ፥ ስም ኣደይ ዛህራ መሓመድሓሰን ብድሪ ምግል ተሪፉ፡ ጣሂራ መሓመድሓሰን በድሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ጸጋዘወሃንስ ጉብራይ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ኣብርሃለይ መኮንን፡ ብውዕል ትካል ክራይ ገዛ ክሲ ቀሪብልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኸዘ ሓጎስ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ኣስመላሽ ታደሰ ሰለሙን 2.ሄኖክ ወርቁ ኣወቀ 3. ኣቶ በረኸት የማነ ርእሶም ዘሎ ሲቪላዊ ጉዳይ ስም ዋንነት ንብረት ገዛ ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪብልኩም ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ሰምረት ፍቃዱ ገብሩ ምግል ተሪፉ፡ ሰምረት ፍቃዱ ጫቃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ጳውሎስ ኪዳነ ምግል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ተኽለገርግሽ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጣንተርጋ ካሕሳይ ተላ ምግል ተሪፉ፡ ጠዓመ ካሕሳይ ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብእያ ይቕረብ።

ሰሃና ክብረኣብ ተስፋገርግሽ ምግል ተሪፉ፡ ኤልሳቤት ክብረኣብ ተስፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዑና ዓንደም

ከሳሲት ወ/ሮ ራሓሶት ተስፋኣለም፡ ተኸሳሲ ኣቶ በየን ሕሳቡ በርሄ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዓቲት

ወ/ሮ ምትካ ተወልደ ኪዳኑ፡ በዓልቤተይ ተጋ/ ሃይለ እምባዩ እማን ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጀመሪያ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ዓዲ ተከሌዛን

ኣሮን ተኸስተ፥ ስም ኣደይ ጺጋ በረኸት ምግል ተሪፉ፡ ጺጋ በረኸትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡ ዓዲ ኳላ

ግርማይ ሃብቶም ዓንደብርሃን ምግል ተሪፉ፡ ኣማኒኤል ሃብቶም ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብእያ ይቕረብ።

## ምስጋና



ብሞት እቲ እፉቕሮ ኣቦናን ሓውናን ጉዳም ተጋዳላይ ኢንጅነር ሳሙኤል ባየረ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ካብ ጎንና ዘይተፈለኹም መሳርሕቱ፥ ኣዕሩኽቱ፥ ሓካይምን ኣባላትን ሆስፒታል ሓይሊ ኣየር ከምኡ'ውን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ዝቃበርኩምና ቤተሰብ፥ ፈተውቲ፥ ቤተ-ክህነት፥ ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን፥ ኣባላት ትካል መፍረ ሲቪላዊ ነታጒ፥ ኣኽሊል ፅንባብ ዘበርከትኩም፥ ብኣካልን ብተለፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልዑል ምስጋናና ነቕርብ።

ወዱ ኢሳያስ ሳሙኤል
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እፉቕራ ሓፍትና መምህር ዘውዲቱ ንርኣዮ ኣልመደም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ሓሚማ ዝበጻሕኩማን ኣብ ስነ ስርዓት ቀብራ ኣብ ጸጸራት ዝተረኸብኩምን ከምኡ'ውን ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምና ፈተውቲ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ኣሕዋታ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

### Translator:

. Number Required – One (01)
. Place of work: Debarwa
. Type of contact: Definite period of two years
. Salary: As per the company salary scale

MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES

(1)Assist Chinese management personnel in managing the construction operation of
local labor services;
(2)Translation the contents of local documents to Chinese managers

(3)Participate in communication meetings with local managers, owners and government agencies
(4)Assist with the project logistics management
Qualification Requirement
Education:
(1)Master degree or above
Work Experience:
(1)At least 10 years of Working experience in Translation
(2)Working experience in Chinese companies is preferred
Other skills and abilities:
(1) Excellent language skills
(2) Good at using the computational operation software, office / excel / ppt
(3) Good letter writing ability
Language:
(1)Language fluency in English and Chinese is required.
Additional requirements for Nationals:
(1)Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
(2)Present clearance paper from current/last employer
(3)Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of
your National Identity Card, etc.).
(4)Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
(5)Application documents will not be returned to the sender.
(6)All application should be sent though the post office.
(7)Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

### Project Manager:

. Number Required – One (01)
. Place of work: Debarwa
. Type of contact: Definite period of two years
. Salary: As per the company salary scale

MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES

(1)To be fully responsible for the safety, production, operation, technology and personnel management of the project;
(2)Accept the supervision of the employer, conscientiously perform the obligations and right stipulated in the contract in accordance with the contract, and successfully complete the tasks of the project
(3)Optimize the allocation of human, material and financial resources and other production factors on the project site, and implement dynamic management
(4)Establish the production, technology, safety and quality management system, and organize the implementation
(5)Lead and organize the project team members and management personnel to formulate various management systems and urge the implementation
(6)Do a good job in production organization and coordination, and solve various problems in production management
(7)Make a good cooperative relationship with the employer and the contractor, and complete the monthly settlement of project payment.
Qualification Requirement
Education:
(1)Master degree or above
(2)Major in Mining engineering or the similar
Work Experience:
(1)At least 10 years working experience in project management
(2)Hold a middle management position for more than three years in large and medium-sized enterprises
Other skills and abilities:
(1) Class I construction engineer, safety certificate B
(2) Good at CAD, EXCEL PPT and other computer software
(3) Familiar with mine development process, equipment installation industry, mine design, production organization, safety management and other capabilities
(4) Ability to form and lead teams
(5) Have the ability to find problems and solve problems independently
Language:
(1)Language fluency in English and Chinese is required.
Additional requirements for Nationals:
(1)Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defense.
(2)Present clearance paper from current/last employer
(3)Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
(4)Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
(5)Application documents will not be returned to the sender.
(6)All application should be sent though the post office.
(7)Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper
.Address: please mail your application to
Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.
P.O.Box 4832 Asmara, Eritrea
Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea









ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ. እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!




ስእልን ዲዛይንን ታእዛዝ ኣብርሃ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት<br>ፋርማሲ በራኺ<br>ፋርማሲ ናፃ | 20/06/2023 | ጎደና 176-3 ቁ.8 ከባ. ሚኒስትሪ ትምህርቲ<br>ከባ. ፊደታሊር ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ<br>ጎደና ዓድዃላ ቁ.ገዛ 214 ከባ. ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ. | 122035<br>07147264<br>07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services